# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.204 ሓሙስ 25 ሚያዝያ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሓደጋታት ሕማም ረሰዕ ንምንካይ ዝሕግዙ 10 ሜላታት

ገጽ 3
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ገጽ 4
ሰኣን'ታ ጭረም ወረቐት

ገጽ 5
ስነ-ቁጽሪ፡ ሕመረት ናይ ኩሉ ዓውዲታት ትምህርቲ'ዩ

ገጽ 7
ጋንታታት 2ይ ዲቪዥን ኣብ ሓያል ተወዳዳርነት

## ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ኣብ መላእ ሃገር ተጀሚሩ

ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ'ውን ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ'፡ ትማሊ 24 ሚያዝያ ኣብ ኣብ መላእ ሃገር ተጀሚሩ።

እቲ ወፍሪ ኣብ ዞባ ማእከል ኣብ ኮማዊ ሆስፒታል ጎዳይፍ ብዝተኻየደ ስነ-ስርዓት'ዩ ብወግዒ ተበጊሱ።

ኣብዚ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ ዝቕጽል ሃገራዊ ወፍሪ ኣብ ክሊ ዕድመ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝርከቡ ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ክኽተቡን ቫይታሚን 'ኤ' ክዕደሉን እዮም።

እዚ ወፍሪ ንምዕዋት፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ኣብ 67 ንኡሳን ዞባታት - ኣስታት 4,200 ዓቀምቲ ሰብ ኣዋፊሩ ኣሎ።

እዚ ብኽልተ ኣገባብ ዝቕጽል ወፍሪ፡ ኣብ'ተን ስሩዕ ሽፈነ ክታበት ክረኽብ ጸገም ዘይብለን 45 ንኡሳን ዞባታት፡ ኣቓዲሙ ኣብ ዝተኻየደ ወፍሪ ዘይተኸተቡ ብምልላይ ክኽተቡ፣ ኣብ'ተን ስሩዕ መደብ ክታበት ንምርካብ ጸገም ዘለወን 22 ንኡሳን ዞባታት ድማ፡ ቈልዑ ብኣልማማ ክኽተቡ ምኳኖም ተፈሊጡ።

ኣብ ኤርትራ 14 ዓይነት ክታበት ከምዝወሃብ፤ ሽፈነ ክታበት ብደረጃ ሃገር ከኣ - 98 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ፡ ሰነዳት ሚኒስትሪ ጥዕና የረድኡ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም ዓሶ ብደረጃ ዞባ ማእከል ተዘኪሩ

ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም ዓሶ - 22 ሚያዝያ፡ "ቃልስና ኣንጻር ሕማም ዓሶ ነሐይል" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ኣብ ጻዕዱ ክርስትያን - ንኡስ ዞባ በርኽ ተዘኪሩ።

ኣብ'ቲ ሕማም ዓሶ ንምቍጽጻር ትካላት ጥዕና ዝህብኦ ዘለዋ ኣገልግሎት ብደረጃ ዞባን ንኡስ ዞባን ዝተገምገመሉ ዕለት፡ ዘሎ ብድሆታትን ስክፍታታትን እውን ቀሪቡን ተዘቲዩሉን።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ምቍጽጻር ሕማም ዓሶ ኣቶ ክብርኣብ ተስፋሚካኤል፡ ጻዕራት ኩሉ ብምውሓስን ናሙሲያ ብምዕዳልን ክቕጽል ብዝጸንሐ ጻዕርን ብዝተወስደ ስጕምቲታትን፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት 0.4 ሚእታዊት ዝነበረ መልከፍቲ ሕማም ዓሶ፡ ኣብ 2023 ናብ 0.08 ሚእታዊት ከምዝወረደ ብምሕባር፡ ፈጺማ ንምጥፋኡ ውጥን ወጺኡ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በርኽ ኣቶ ተስፋ ፍስሓጽዮን ድማ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምትሕብባር ንዘሰላስሎ ዘሎ መደባት ብምምጓስ፡ ከም ውጽኢቱ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ከምዝነቐልቀለ ገሊጹ።

ዓለማዊ መዓልቲ ሕማም ዓሶ፡ ብደረጃ ዓለም ንመበል 17 ግዜ፡ ኣብ ሃገርና ድማ ን6ይ ግዜኡ እዩ ተዘኪሩ።

## ጋሽ-ባርካ - ጕዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ጻዕሪታት ይካየድ

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕቑን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብ18ን 19ን ሚያዝያ፡ ከም ክሾቦ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ዝኣመሰሉ ጥዕናውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት ዘለዎም ሃሰይቲ ልምድታት ንምውጋድ ዝዕላማኡ - ኣብ ባረንቱን ጎኒን ዋዕላታት ኣቃኒዑ።

ኣብ'ቲ ምስ ሃማደኤ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ጸለውቲ ኣካላት መማህራንን መራሕቲ ሃይማኖትን ብምትሕብባር ዝተወደበ ዋዕላ፡ እቲ ብመንግስቲ ኮሚተታት ንኡሳን ዞባታት ዝተፈጸመ ስራሓት ውጽኢታዊ ስለዘይኮነን ተርእዮታት ማለኣም ስለዘይተወገዱን፡ እተን ኮሚተታት ክኽተላኦ ዝጸንሓ ኣገባብ ኣወዳድባ ዝርጋሐ፡ ሜላታት ኣገባብኣን ካልእን ምትዕርራይ ክግበረሉ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ግዝያዊ ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ተስፋጊዮርጊስ ገብረስላሴ፡ ኣብዚ ብቐንዱ ኣብ ምውጋድ ክሾቦ ደቂ-ኣንስትዮን መርዓ ትሕቲ-ዕድመን ኣትኪሩ ዘሰላስል ዘሎ ስራሕ ሓላፍነቱ ዝጋጥሙ ዘለዉ ተግባራት፡ ብምምሕዳራት ከባቢ ተለልዮም ኣራማዊ ስጕምቲ ክውሰደሎም ሓቲቱ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ እቶም ጉዳያት ብመንጽር ገጠራውን ሰሸላውን ሕጊ ከመይ ከምዝተሓዙ ከምኡ'ውን ጥዕናዊ ሳዕቤናቶም ኣብ ዝምልከት መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይን ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ'ቲ ዞባ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራን ኣብ መዛዘሚ እቲ ዋዕላታት ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ሃሰይቲ ልምድታት ማለኣም ክውገዱ፡ ምምሕዳራት ከባቢን ግብረ ዓድን ኣብዚ ጉዳይ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሮም።

# ሓደጋታት ሕማም ረሲዕ ንምንካይ ዝሕግዙ 10 ሜላታት

ሕማም ረስዕ (Alzheimer's Disease/Dementia) ብዘይንቡር ምውህሃል 'ኣሚሎይድ' ዝተባህለ ፕሮቲን ኣብ ዋህዮታት ሓንጎል ዝኽሰት ሕማም'ዩ። እዚ ኣብ ዋህዮታት ሓንጎል ዝኽሰት ዘይንቡር ምውህሃል ፕሮቲን፡ ንምንታይን ብምንታይ ምኽንያትን ከም ዝኽሰት'ኳ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ንጹር እንተዘይኮነ፡ እቲ ሕማም ኣብ ሰባት ክርአ ቅድሚ ምጅማሩ ግን፡ ማስርሕ ምውህሃል 'ኣሚሎይድ' ፕሮቲን ኣቐድም ኣቢሉ ከም ዝጅምር ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ'ዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ቁጽሪ ምስ ሕማም ረስዕ ዝነብሩ ሰባት ኣብ ምሉእ ዓለም እናወሰኸ ይኸይድ ምህላዉ ርጉጽ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ሃገርና'ውን እንተኾነ፡ እዚ ብውሑድ ዓቐን ዝፍለጥ ዝነበረ ሕማም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብብዝሒ ክርአ ምጅማሩ ዘይከሓድ ሓቂ ኮይኑ ኣሎ። እዚ ዘይንቡር ምውህሃል ፕሮቲን'ዚ ኣብ ዝኽሰተሉ እዋን፡ ኣብ ሞንጎ ዋህዮታት ሓንጎል ክህሉ ዝግባእ ምምልላስ ኬሚካዊ መልእኽትታት ወይ ምልክታት (neurotransmitters) ኣዝዩ ይንኪ፡ እሞ፡ ሕማም ረስዕ ክኽሰት ይጅምር። እናማዕበለ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከኣ፡ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሓንጎል ክጭብጡ ወይ ክሽምረሩ ይጅምሩ፣ እቲ ሕማም ከኣ እናገደደ ይኸይድ። እቲ ቀዋሚ ዝጥቃዕ ከኣ እቲ ንምዝኽር ዝሕግዝ ክፋል ሓንጎል ስለዝኾነ፡ ናይ ምዝካርን ምምዝዛንን ክእለትና እናጎደለ ይኸይድ።

ጠንቂ ሕማም ረስዕ ብንጹር'ኳ ዝፍለጥ እንተዘይኮነ፡ ኪጋድድዎ ዝኽእሉ ብዙሓት ረቛሒታት ከም ዘለዉ፣ ካብኦም ከኣ 'ዕድመ' እቲ ቀንዲ ረቛሒ ምኻኑ ክረጋገጽ ተኻኢሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ብውድብ ጥዕና ዓለም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘሐብርዎ - 1 ካብ 14 (≈7%) ኣብ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሜኦም፣ 1 ካብ 6 (≈17%) ኣብ ልዕሊ 80 ዓመት ዝዕድሜኦም ሰባት ክኽሰት ከም ዝኽእል ብመጽናዕትታት ተረጋጊጹ ኣሎ።

ሕማም ረስዕ ግን ኣብ ዝሸምገሉ ሰባት ጥራይ ዝኽሰት ሕማም ከም ዘይኮነ፣ እኳ ድኣ 1 ካብ 20 (5%) ሕማም ረስዕ ዘማዕብሉ ትሕቲ 65 ዓመት ዝዕሜኦም ሰባት ምዃኖም ይሕበር። ኣብ ክሊ ዕድመ 65 ካብኡ ንላዕልን ኣብ ዘለዉ ሰባት፡ ሕማም ረስዕ ናይ ምምዕባል ተኽእሎኦም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 5 ዓመት ብዕጽፊ ክወሰኽ ከም ዝኽእል እዚም መጽናዕትታት የረጋግጹ። ካልእ ከም ተወሳኺ ጠንቅታት ሕማም ረስዕ ዝጥቀሱ ከኣ፡ ታሪኽ ስድራቤታትን (ካብ ስድራቤታት ክወረሱ ዝኽእሉ ጂናት) ምስ ዳውን ሲንድሮም ዝነብሩ ሰባትን እዮም። ዳውን ሲንድሮም ዘለዎም ሰባት፡ ሕማም ረስዕ ናይ ምምዕባል ልዑል ተኽእሎ ከም ዘለዎም ክረጋገጽ ተኻኢሉ እዩ፣ ምኽንያቱ እዚ ሰንክልና'ዚ ንምውህሃል 'ኣሚሎይድ' ፕሮቲን ኣብ ዋህዮታት ሓንጎል ስለ ዘቃላጥፍ።

ብተወሳኺ፡ ማህሰይቲ ርእሲ፡ ሕማም ቀዛኖት ከምኡ'ውን ሕማማት ልብን መትንታቱን ንሓደጋታት ሕማም ረስዕ ኪጋድዱ ዝኽእሉ ጠንቅታት እዮም። ምልክታት ሕማም ረስዕ ደረጃ ብደረጃ ዝፈላለዩ እኳ እንተኾኑ፡ እቶም ቀንዲ ዝበዝሑ እዚም ዝስዕቡ እዮም፦

**ኣብ መጀመርያ ዝኽሰቱ ምልክታት**

- ናይ ቀረባ እዋን ፍጻሜታት፡ ኣስማትን ገጻትን ሰባት ምርሳዕ
- ኣስማት ቦታታትን ኣቑሑትን ዘይምዝካር
- ተደጋገምቲ ሕቶታት ምሕታት
- ብዙሕ ግዜ ካብ ቦታኻ ርሒቕካ ምጥፋእ
- ክውሰዱ ዝግብኦም መድሃኒታት ምርሳዕ

**ድሒሮም ካብ ዝኽሰቱ ምልክታት**

- እዚም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምልክታት እናገደዱ ይኸዱ
- ድቃስ ምስኣን፡ ቀዛኖት
- ቀጻሊ ምድንጋር፡ ዓጀውጀው ምባል፡ ሓሓሊፉ'ውን ቁጥዐን ነድርን ምርኣይ
- ጸገም ምምጋብ
- ሽንትን ቀልቀልን ዘይምቁጽጻር።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ካናዳ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘረጋገጾ፡ ኣብ ዓመት 2050 ካብ'ቶም 38.5 ሚልዮን ህዝቢ ካናዳ፡ 1.7 ሚልዮን (4.4%) ብሕማም ረስዕ ክጥቅዑ ከም ዝኽእሉ ትጽቢት ይግበር። ከም ዕድመን ጀነቲካዊ ዝኣመሰሉ ረቛሒታትን እኳ ክንልውጦም እንተዘይከኣልና፡ ብዙሓት ሓደጋታት ሕማም ረስዕ ክንክዩ ዝኽእሉ ሜላታት ግን፡ ኣብ ዝኾነ ክሊ ዕድመን ኣብ ኩሉ መድረኽ ናይ ህይወትናን ክንወስድ ከም እንኽእል መጽናዕትታት ይሕብሩ።

ኑዩም ሕማም ረስዕ ዝጀመሮም ዘሎ ሰባት'ውን እንተኾኑ ዝም ስዒቦም ዝጥቀሱ ሜላታት ብምኽታል ጥዕና ሓንጎሎም ብምምሕያሽ ክረብሑ ከም ዝኽእሉ እቲ መጽናዕቲ የረጋግጽ። በዚ መሰረት እምበኣርከስ "ማሕበር ሕማም ረስዕ ካናዳ" (Alzheimer Society of Canada) እዞም ዝስዕቡ 10 ኣብ መርትዖ-ዝተደገፉ ሜላታት ምንካይ ሕማም ረስዕ ብዕቱብ ክንክታተል ይምዕድ።

**1) መዓልታዊ ኣካላዊ ንጥፈታት ምዝውታር፡**

ብእግሪ ምጉዓዝ፣ ምስዕሳዕ፣ ምሕንባስ፣ ብሽክሌታ ምዝዋር፣ ምጽዋት፣ 'ዮጋ' ምስራሕ፣ ኣትክልቲ ምኽብካብ … ምዝውታር። ብሓፈሻ፡ ዝኾነ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ጠቓሚ ምዃኑ ይምዕድ።

**2) ናይ ምስማዕ ክእለትና በጥዒኡ ምምርማር፡**

ንእዝኒ ካብ ዝኸድኡ ሓደጋታት (ዓው ዝበለ መዚቃ ወይ ድምጺ) ምክልኻል፣ ኣድላዪ ምስ ዝኾነውን ከኣ ሓገዝ መስምዒ ምውዳይ። መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ ከኣ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝርከቡ ሰባት፡ ምጽማም (ብግቡእ ዘይምስማዕ) ንሓደጋ ሕማም ረስዕ ብዝምጋም ብ90% ከዛይዶ ከም ዝኽእል ይሕብሩ።

**3) ማሕበራዊ ምውሳእ ምዝውታር፡**

ምስ ስድራቤትካ፣ ኣዕሩኽትኻ፣ መተዓብይትኻን ካልኦት ሰባትን ምትሕውዋስ፡ ምዕላል፡ ምስሓቕ ምዝውታር። ማሕበራዊ ተገልሎ (ተዃልሎ) ብሕልፊ ዕድመ ኣብ እንደፍኣሉ እዋን፡ ንሓደጋታት ሕማም ረስዕ ብዝምጋም ብ60% ከቃላጥፎ ከም ዝኽእል ዝተኻየዱ መጽናዕትታት የረጋግጹ።

**4) ኩነታት ጥዕናና ብግቡእ ምቁጽጻር፡**

ብዝዕባኦም ንምፍላጥ ከኣ ጻዕሪ ምኽያድ፡ ምስ ሓኪምካ ብምምኽኻር ከም ሕማም ሽኮር፣ ምኽራሽ ዝኣመሰሉ ዝተሓላለኹ ኩነታት ጥዕና ብግቡእ ክንኣልዮምን ክንቆጻጸሮምን ይግባእና፣ ምኽንያቱ፡ ክልቲኦም ንሕማም ረስዕ ኪጋድዱ ዝኽእሉ ጠንቅታት ስለዝኾኑ።

**5) ምትካኽ ሽጋራ ምቁራጽ ወይ ምጉዳል፡**

ሽጋራ ምትካኽ እንተተኻኢሉ ጨሪስካ ምቁራጽ፡ እንተዘይተኻኢሉ ከኣ ምጉዳል ዋላ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ምትካኽ፡ ጥዕና ሓንጎል ኣማሓይሹ ካብ ሓደጋታት ሕማም ረስዕ ክከላኸለልና ይኽእል እዩ።

**6) ቃዛኖት ምስ ዝህልወና ወይ ምስ ዝጅምረና ሓገዝ ከኢላታት ምንዳይ፡**

ቃዛኖት (depression)፣ ጭንቀት ወይ ሻቕሎት (anxiety) ናይ ሓዘን ስምዒት ኣማዕቢሉ ጥዕና ሓንጎልና ብኣሉታ ዝጸሉ ኣበር እዩ። ስለ'ዚ ግቡእ ክንክንን ኣልያን ምስ እንገብረሉ፡ ኩነት-ኣእምሮናን ንጥፈታት ሓንጎልናን ኣመሓይሹ ካብ ሓደጋታት ሕማም ረስዕ ክከላኸለልና ይኽእል።

**7) ኣልኮላዊ መስተ ነውሒድ፡**

መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዘለዉ ሰባት፡ ካብ 12 ዝበዝሐ - ከም በራ፣ ኣረቂ፣ ዊስኪ፣ ቮድካ … ዝኣመሰሉ ምዱብ መስተታት (standard drinks) ኣብ ሰሙን ምስታይ ንሓደጋታት ሕማም ረስዕ ብዝምጋም ብ20% የዛይዶ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ክሊ ዕድመ እንርከብ ሰባት፡ ካብ ኣልኮል ናጻ ዝኾነ መስተ ብብዝሒ ነዘውትር።

**8) ካብ ሕማም ልብን ጸቕጢ ደምን ንከላኸል፡**

ምስ ክኢላታት ሕክምና ብምምኽኻር፡ ጸቕጢ ደምና ብሓፈሻ'ውን ከኣ ጥዕና ልብና ክንቆጻጸር ይግባኣና፣ ምኽንያቱ ጥዕይቲ ልቢ ጥዕና ሓንጎል ስለ እተደንፍዕ።

**9) መጉዳእትን ዘስዕብ ማህሰይቲ ሓንጎልን (traumatic brain injury) ነወግድ፡**

መጉዳእቲ ሓንጎል ክበጽሕ እንከሎ፡ ኣብ ርእሲ ብዘስዕብ ማህረምቲ ዝኽሰት ግዜያዊ ምጥፋእ ውኑ ወይ ሃለዋት'ዩ። ብዝተኻእለ መጠን ንሓንጎልና ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ንጥፈታት ነወግድ። ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ከኣ፡ መከላኸሊ ርእሲ (helmet) ክንወድይ ይግባኣና። ሕግታት ትራፊክን ምልክታት ኣጋርን ነኽብር፣ ኣከባቢና ብግቡእ ንቆጻጸር፣ ኣብ ግዜ ስራሕ፡ ጸወታን መጎሻን ድሕንነትና ንሓሉ።

**10) ልዋም ድቃስ ንምድቃስ ንጽዓር፡**

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ለይቲ፡ ካብ 6 ክሳዕ 8 ሰዓታት ዝጸንሕ ልኡም ድቃስ ክንድቅስ ይግባኣና። ናይ ምድቃስ ጸገም ምስ ዝህልወና ከኣ ምስ ሓኪም ብምምኽኻር ዝግባእ ስጉምትታት ክንወስድ ይግባኣና።

ኣብ ገለ ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ሜላታት ክንመሓየሽ እንተዘይከኣልና፡ ኣብ'ቶም ዝተረፉ ብዕቱብ ክንሰርሕ ንፈትን። ምኽንያቱ ነፍሲ-ወከፍ እንወስዶ ስጉምቲ ኣገዳሲ ስለዝኾነ። ወትሩ ኣብ'ዞም ዝተጠቕሱ ሜላታት ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ሓደጋ ሕማም ረስዕ ንምንካይ ዕድል ክንፈጥር ንኽእል ኢና።

**ታደሰ መሓሪ (ፕሮፌሰር)**
**ምንጪ. ጽሑፍ - "Alzheimer Socety of Canada" (2023)**

---

**ዜና**

# ተጠቀምቲ፡ ኣብ ዕትሮ ጋዝ ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብሩ ሞያዊ ምኽሪ ተዋሂቡ

ብዕትሮ ጋዝ ዝስዕብ ሓደጋታት ንምክልኻል፡ ተጠቀምቲ ዕቱብ ጥንቃቐን ምክትታልን ክገብሩ፣ ኣካያዲ ስራሕ ትካል 'ኤራሶል' ኢንጂነር ተኽለ ህንጻ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ ዕትሮ ጋዝ ዘጋጥም ጸገማት ምዕራይ ሓላፍነት ናይ'ቲ ትካል ጥራይ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኢንጂነር ተኽለ፡ ዝኾነ ተገልጋሊ በቲ ትካል ንዝፈሪ ዕትሮ ጋዝ ከልሕም፡ ሕብሪ ክለኽን ባልጫ ክቕይርን ክልክል ከምዝኾነ ኣገንዚቡ።

ሓደ ዕትሮ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 10 ዓመት ብቐዓቱ ክፍተሽ ናብ'ቲ ትካል ክመጽእ ከምዝግባእ ብምዝኽኻር፡ ሓሓሊፉ ዝርአ ናይ ምንፋስን ካልእን ጸገማት፡ እቲ ዕትሮ ብቐዓቱ ክፍተሽ ዘዘኻኽር ምልክት ብምዃኑ፡ ናብ'ቲ ትካል መጺኡ - ነቲ ጸገም ንምስትኽኻል ስጉምቲ ከምዝወሰድ ኣረዲኡ።

ቀዋሚ ጠንቂ ናይ ምንፋስን ምብልሻውን፡ ደሮናን ካልእ ባዕዳዊ ነገራትን ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ፡ ዓማዊል ነቲ ካብ'ዚ ንምክልኻል ተባሂሉ ዝተሰርሐ መኽደኒ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ከምዝለዎም ኣዘኻኺሩ።

ኢንጂነር ተኽለ፡ ካብ'ቲ ትካል ወጻኢ ዝዕደግ ዘይውሑስ ሬጉሌተር'ውን ጠንቂ ምንፋስን ንሱ ዘስዕቦ ሓደጋን ክኸውን ስለዝኽእል፡ ተጠቀምቲ ውሑስ ሬጉሌተር ካብ'ቲ ትካል ክዕድጉ፣ ምስ ተጠቐሙ ብቐዳምነት ከጥፍእዎ ዘለዎም ድማ - ነታ ዕትሮ ጋዝ እምበር ነቲ ምድጃ ክኸውን ከምዘይግባእ መኺሩ።

ኩሉ ተጠቃማይ ደገ ጸኒሑ ክሽነ ኣትዩ ክርብት ቅድሚ ምሽርጣጡ፡ ሽታ ጋዝ ከይህሉ ከረጋግጽን መሻኸቲን መዓጹን ከፊቱ ንፋስ ከምዝኣቱ ክገብርን እውን ተላብዩ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጰ. 1284

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

2ይ ክፋል

ሲራክ ክፍሌ

*ክቡራት ኣንበብቲ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሕታምና፣ እታ ብሲራክ ክፍሌ እተዳለወት “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ዘርእስታ መጽሓፍ ተሓቲማ ናብ ኣንበብቲ ቅድሚ ምዝርጋሓ፡ ኣብ ዓምዲ “ሓሳባት” ኣብ 61 ክፋላት (ምስ መእተዊ ጽሑፍ) መቓቒልና ኣቕሪብናልኩም ነይርና። ካብዚ ዝሓለፈ ሕታም ጀሚርና ድማ 2ይ ቅጺ መጽሓፍ “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ብተኸታታሊ ነቕርበልኩም ኣለና። ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ’ዚ ብዛዕባ ማሕበረሰብን ማሕበራዊ ኣምራትን ገሊጽና ነይርና፣ መቕጸልታኡ ይስዕብ፦*

### “ምዕራባዊ-ስልጣነ” ዓቃባዊ ዝንባለ ምዕራባውያን ክኢላታት

ኣብ ቀዳማይ መጽሓፍ “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ?” ናይ ግዜና ዓቃባዊ ዝንባለ ምዕራባውያን ጸሓፍቲ ዘርኢ መጽሓፍ ናይ ሳሙኤል ሃንቲንግተን፡ “ስልጣኔታት እንኪጋጨዉ ዓለም ዳግማይ ኣሰላልፍኣ ትቕይር” (Samuel P. Huntington፡ The Clash of Civilizations and the Remaking of World Order) ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡ እንታይ ከምዝዀነ ገሊጽና ነይርና። መጽሓፍ ሃንቲንግተን ብዙሕ ሓበሬታ ዘለዎን መሃሪን ምዃኑ እዩ። ኰይኑ ግን ናይቲ መጽሓፍ ህንጸት-ሓሳብ (paradigm) ኣብ ፈኩስ ስልጣኔታት ዝበሃል ኣምር ዝተሃንጸ’ዩ፡ ነቲ ስልጣኔታት ዝገልጽ ከኣ ብቐንዱ ባህሊ ኰይኑ፡ እቲ ባህሊ ዝበሃል’ውን መግለጺኡ ሃይማኖት እዩ።

መብዛሕትኦም ምዕራባውያን ጸሓፍቲ ታሪኽ ምንጪ “ምዕራባዊ ስልጣነ” ጥንታውያን ከተማታት ግሪኽን ኢምብራጦርያ ሮማን ምዃኑ እዮም ዝገልጹ። ብኣንጻሩ ሃንቲንግተን ስልጣኔታት ክብል እንከሎ፡ ባህሊ ኢሉ ይገልጾ እምበር ቀንዲ መዐቀኒኡ ሃይማኖት እዩ። በዚ ከኣ ኑታ ከም ምንጪ “ምዕራባዊ ስልጣነ” እትፍለጥ ግሪኽ፡ ምስ ኦርቶዶክሳዊ ምብራቕ እዩ ዝጽምዳ። ብዘይካ ኢጣልያ፡ ኩለን እተን ኣካል ምዕራባዊ ስልጣነ ዝበሃላ ሃገራት፡ ኣብ ክልተ ጫፋት ዓለምና ዝተደኮና ኮይነን ብቐንዱ ‘ሓደ’ ዝኑበረን ሃይማኖት ወንጌላዊት ቤተክርስትያን (ከኒሻ)እዩ። ከም ዝፍለጥ ሎሚ ሓደ ዓይነት ሃይማኖት እትኽተል ሃገር የላን። ይኹን’ምበር እዚ ሓቂ’ዚ እውን ንሃንቲንግተን ኣይዓገቶን። ናይ ሃንቲንግተን መግለጺ ስልጣኔታት ኣብ ፖለቲካዊ ዝምድናታት ወጻኢን ምዕራባውያን ሃገራትን ዓቢ ጽልዋ ከምዝነበሮን ከምዘለዎን ኣቕዲሙ ብሰፊሑ ስለዝተገልጸ ምድጋሙ ኣየድልን።

ኣብዚ ጉዳይ’ዚ እቲ ኣገዳሲ፡ ገለ ኢትዮጵያውያንን ውሉዳት ኤርትራውያንን፡ መጽሓፍ ሃንቲንግተን ከም ዘለዎ ወሲዶም ብዛዕባ ስልጣኔታት ዞባና ዕምቈት ዘይብሉ ጸወጽዋይ ዘቕርቡ ምዃኖም እዩ። ኣቐዲምና ኣብ መጽሓፍ 1 ከም ዝረኣናዮ ኣብ ኣፍሪቃ ይኹን ኣብ ዞባና ዝነበረ ስልጣኔታት ምስዘን ሕጂ ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዋ ሃገራት ኣተሓሒዝካ ምግላጹ ግጉይ እዩ። ከመይሲ፡ እቲ ዝነበረ ስልጣኔታት ባህሊ፡ ልምድታት፡ ታሪኽ፡ እናወረረሰ ናብዘን ናይ ሎሚ ዘመናውያን ሃገራት ዝመሓላለፍ ነገር የለን። ንኣብነት ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ካብ ዝነበረ ስልጣኔታት ሓደ ኣዱሊስ እዩ። ስልጣነ ኣዱሊስ ግን ኣብዚም ሎሚ ኤርትራውያን ንዝዘለ ዘለና ዘሰጋገረልና ወይ ዘውረሰና ነገር ኣሎ ክትብል ዘይስልፍልጠታዊ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ስልጣኔታት ኣገዳስቲ ምዃናም ኣይሰሓትን፡ ቅርስና ስለዝኾኑ። ‘ንሕና ኣዱሊሳውያን ኢና’ ምባል ግን ትርጉም የብሉን። ስልጣነ ኣኽሱም’ውን ኣብ ብዙሕ ክፋላት ናይ ሎሚ ኤርትራ ሰፊሕ ምንቅስቓሳት ከም ዝነበሮ ዝፍለጥ እዩ። ብዘኾነ መልክዑ ግን ምስናይ ሎሚ ኤርትራ ወይ ኢትዮጵያ ከተተሓሓዞ ዝከኣል ኣይኮነን። ከምዝፍለጥ፡ ዝኾነ ማሕበረሰብ ካብቲ ቀንዲ ናብ መጻኢ ወለዶ ዘሰጋግሮ ትውፊት ቋንቋን ልምድታትን እዩ። ካልእሲ፡ ይትረፍ ኣዱሊሳውያን ይኹኑ ኣኽሱማውያን ዝዛረብዎ ዝነበሩ ቋንቋ ዝዛረብ ህዝቢ ሎሚ ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኢትዮጵያ የለን።

ብዘይካ ሃንቲንግተን ብዙሓት ምዕራባውያን ዓቃባውያን ሰበራላውያንን ብዛዕባ ማሕበረሰባዊ ዝምድናታት ክዛረቡ ወይ ክጽሕፉ እንከለዉ፡ ቡቐጥታ ወይ ብዘዘዋዋሪ ምዕራባዊ-ስልጣነ (ብቐንዱ እምነት ክርስትና) ከም ማጠቓለሊ ይወስድዎ እዮም። እቲ ጸገም እምነት ክርስትና ኣይኮነን፤ ከምዝፍለጥ ናይ ኩለን ኣብርሃማዊ ሃይማኖታት (ኣይሁድ፡ ክርስትና፡ ምስልምና) መሰረታዊ ክብሪ ተመሳሳሊ እዩ። የግዳስ ኣብ ገለ ካብቲ ምዕራባውያን ዘልዕልዎ ልምዳታት፡ ማሕበረሰባት ዝተፈላለየ መረዳእታን መትከልን ስለዘለዎም’ዩ። ምዕራባውያን ሃይማኖትን መንግስትን/ፖለቲካን ክፈላለ ኣለዎ ይብሉ፡ ኣብ ዝጥዕሞም ከኣ ይሓዋወስዎ። ብዛዕባ’ዚ ብዙሕ ኣብነታት ምቕራብ ይከኣል እዩ። ሓደን ቀንድን መዘናዊ ናይዚ ዝሓለፉ 70 ዓመታት ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐ “ዓለም ለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት” ኮይኑ ከም ኣብነት ወሲድና ትሕዝቶኡ ንመልከት፦

### ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት

ብ10 ታሕሳስ 1948 ዓ.ም.ፈ. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጸደቐን ዝተኣወጀን ድንጋገ 217 ኤይ-III) ኣብ መእተዊ፡ ከምዚ ዝስዕብ ጽሑፍ ኣሰፊሩ ኣሎ።

ኣብ ዓለም ናይ ኩሎም ሰባት ተፈጥሮኣዊ ክብረትን ንምዕሩን ዘይግሀሱን ሰብኣዊ መሰላትን ምቕባል መሰረት ናጽነት፡ ፍትሕን ሰላምን ስለዝኾነ፤ ንሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ዘይምእታውን ምጥሓስን ንሕልና ወዲ ሰብ ዘቑሰለን ኣረመናዊ ተግባራት ዘስዓበን ምዃኑ፣ ናይ ዘረባን እምነትን ናጽነት ዘለዎ ካብ ፍርሕን ጸገምን ናጻ ዝኾነት ዓለም ንክትህልው ዝለዓለ ትምኒት ደቂ ሰባት ምዃኑ ስለ ዝተኣመነ፤ ወዲ ሰብ ምልኪን ወጽዓን ንምውጋድ ሓይሊ ክጥቀም ምእንቲ ከይግደድ ሰብኣዊ መሰላት ብሕጊ ክኽበሩ ኣድላዪ ስለዝኾነ፤ ኣብ መንጎ ሃገራት ምሕዝነታዊ ዝምድናታት ንኽዕቢ ምትሕግጋዝ ኣድላዪ ስለዝኾነ፤

ህዝብታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ቻርተር’ቲ ውድብ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንኽብርን ልዕልናን ሰብኣዊ ፍጡር፡ ንማዕረ መሰላት ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ዘለዎም እምነት ብምርግጋጾም ኣብ ዝሰፍሐ ናጽነት ከኣ ማሕበራዊ ምዕባለን ዝሓሸ ደረጃ መነባብሮን ንምዕባይ ስለዝወሰኑ፣ ኣባል መንግስታት ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መንግስታት ብምትሕግጋዝ ሰብኣዊ መሰላትን መሰረታዊ ናጽነትን ዓለምለኻዊ ጠመተን ሓለዋን ምእንቲ ክረኽቡ ንምጽዓር ስለዝጠለቡ፣ እዚ ጠለብ’ዚ ማለኡ ንኽረጋገጽ ብዛዕባ እዞም መሰላትን ናጽነትን እዚኣቶም ሓባራዊ ግንዛበ ምሓዝ ኣዝዩ ኣድላዪ ስለዝኾነ፣ ሓፈሻዊ ጉባኤ ውድብ ሕቡራት መንግስታት፦

ኩሎም ህዝብታትን ኩሎም ሃገራትን ኩሉ ሕድሕድ ወልቀሰብን ኩሉ ሕድሕድ ክፍሊ ማሕበረሰብን፡ ነዚ ድንጋገ’ዚ ኩሉ ግዜ ብምዝካር እዞም መሰላት እዚኣቶም ኣኽብሮት ንኽረኽቡ ብትምህርትን ምስትምሃርን ንኽጽዕሩ፤ ከምኡ’ውን ብሃገራውን ዓለምለኻውን ማዕበላት ስጉምቲታት፡ ኣብ ህዝብታት ኣባል ሃገራትን ኣብ ግዝኣቶም ኣብ ዘለዉ ህዝብታትን ሓፈሻውን ግብራውን ተቐባልነትን ሓለዋን ምእንቲ ክረኽቡ እዚ ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት’ዚ ኣዊጅዎ ኣሎ፣ ይብል መእተዊ ናይቲ ዓለም ለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት።

ቀጺሉ እቲ ሰነድ፡ ኩሎም ሕብረተሰባት ዓለም ከኽብርዎምን ክከላኸሉሎምን ዘለዎም 30 ዓንቀጻት ይዝርዝር። ትሕዝቶ ዓንቀጻት ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብቲ መጽሓፍ “ሕብረተሰብ ካበይ ናበይ ብኸመይ? 2ይ ቅጺ” ብዝርዝር ቀሪቡ ኣሎ፣ ኣብ ሰነዳት ሕቡራት ሃገራት እውን ምንባቡ ይከኣል።

ኣብ መርበብ ገጻት (www.un.org) ሕቡራት መንግስታት፡ “ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት፡ ኣብ ታሪኽ ሰብኣዊ መሰላት እምኑክርናዕ ሰነድ እዩ፣ ዝተፈላለየ ናይ ሕጊን ባህልን ድሕሪ ባይታ ዘለዎም፡ ካብ ዝተፈላለየ ዞባታት ዓለም ብዝመጹ ወከልቲ ተነዲፉ፡ ንመጀመርታ ግዜ፡ መሰረታዊ ዓለምለኻዊ ሰብኣዊ መሰላት ንምርግጋጽ ዝተዳለወ እዩ” ይብል።

እዚ ሰነድ’ዚ ንምድላው ፈለማ ኣብ ሰነ 1946 እዩ ሓሳብ ቀሪቡ። ብኣደ-መንበር ኤሌኖር ሮዝቨልት (በዓልቲ ቤቱ ንፕረዚደንት ኣመሪካ) እትምራሕ 18 ዝኣባላታ ኮሚቲ ድማ ኣብ ለካቲት 1948 ቀይማ። ቀንዲ ጸሓፍቲ 2-3 ምዕራባውያን ክኢላታት ኮይኖም፡ ቻርለስ ማሊክ ሊባኖሳዊ ቀሺ (Christian teologian)፡ ጫንግ ቻይናዊ (ታይዋን) ከምኡ’ውን ካልኦት ካብ ዝተፈላለየ ከባቢ ናይ ዓለምና ዝመጹ ኣባላት ናይታ ኮሚቲ ነይሮም። ኑቲ ንድፊ ኣብ ምድላው ብዙሕ ክትዓት ዝየዳ ብዛዕባ እምነትን ማሕበራዊ ሕቶታትን ተላዒሉ ከም ዝነበረ ይትረኽ፡ እቲ መርበብ ገጻት ቀጺሉ፦

“እዚ ድንጋገ’ዚ፡ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ፓሪስ ብ10 ታሕሳስ 1948 ኣብ መበል 183 መጋባእያ ዝጸደቐ እዩ።” ይብል። ናብ ልዕሊ 500 ቋንቋታት ከም ዝተተርጐመ ድማ ይሕብር።

ኣብ 1948 ኣብ ሕቡራት መንግስታት 58 ኣባላት ሃገራት ነይረን። ካብኣተን 48 ሃገራት (ካብ ኣፍሪቃ ላይበርያ፡ ኢትዮጵያ፡ ግብጺ)፡ ነዚ “ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት” ክድግፋ እንከለዋ 8 ሃገራት ማለት ቸኮዝሎቫክያ፡ ብየሎሩስያ፡ ኦክረይን፡ ዩጎዝላቭያ፡ ሕብረት-ሶቭየት፡ ደቡብ-ኣፍሪቃ፡ ስዑዲ-ዓረብ ድምጺ ካብ ምሃብ ተቐጠባ (Abstain)። 2 ሃገራት ሆንዱራስን የመንን ኣይተቐመጣን። ኣብቲ ግዜ’ቲ ቻይና ኣባል ሕቡራት መንግስታት ኣይነበረትን ጥራይ ዘይኮነ ከም ሃገር እውን ብወግዒ ትፍለጥ ስለዘይነበረት ከም ቻይና ኮይና ዘድመጸት ታይዋን እያ።

“ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት” ንኽጸድቕ ዝደገፋ ሃገራት ብቐንዱ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን መብዛሕትአን ናይ ምዕራብ ኤውሮጳን ደቡብ ኣመሪካን ሃገራት፡ ሓያሎ ናይ ቀረባ ርሑቕን ምብራቕ ሃገራት እየን። ስለምንታይ?

ብዘይ ጥርጥር ሰብኣዊ መሰል ዝቃወም ሃገር የለን። ዝደገፋ ንምንታይ ደገፋ? ዝጸቀጣ ንምንታይ ኣጽቀጣ? እተን ክልተ ሃገራት’ከ ከምዝይኣብራ ንምንታይ ትም መረጻ ንምርዳእ ንድሕሪት ተመሊስካ ኑቲ መድረኽ’ቲ ምዝካር፡ “መሰል” እንታይ ማለት እዩ ምፍታሽን የድሊ።

እቲ መድረኽ’ቲ 3 ዓመት ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኮይኑ፡ ኣብቲ ግዜ’ቲ ሃብታምን ሓያልን ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ጥራይ እያ ዝነበረት። ምዕራብ ኤውሮጳን ካልኦት ብዙሓት ሃገራትን ኣብ ውግእ ዓንየን ተጸብዩ፡ ምጽወታ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይነን ነበራ። ሕብረት ሶቭየት ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ተዓዊታ፡ ብስሉሕታ ኒዩክሌር ቦምብ ንምስራሕ ትጓየ ዝነበረት እያ እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ካልእ ዋጢጥ ከይትኣቱ ኑቲ ብመትከል ትቃወሞ ድምጺ ካብ ምሃብ ተቖጢባ ኣሕሊፋቶ።

ኣብ ዝርዝር ትሕዝቶ እቲ ድንጋገ ቅድሚ ምእታውና “መሰል” ምስ ድልየት (Needs) ሰባት ስለዝተሓሓዝ፡ ፈለማ “ድልየት” እንታይ እዩ ክንድህስስ። ድልየት ሰባት ዝገልጹ ብዙሓት ሓሳባት ኣለዉ። ከም ማጠቓለሊ ናይ ኣብርሃም ማስለው ደረጃታት ድልየት ክንወስድ ኢና። ማስለው “ሰባት ብቕዓምነታት ዝስራዕ ዝተፈላለየ ደረጃታት ድልየት (Needs) ኣለዎም” ይብል። “ሰባት መጀኣታዊ ድልየቶም ምስተማልኣሎም ልዕሊኡ ዘሎ ደረጃ ይትምነዩን ይደልዩን። እቲ ኣርባዕተ ደረጃታት ድልየት ምስ ተማልአ ከኣ ክብሪ ኣገዳሲ ድልየታቶም ሰበርም ክብሪ ዘውህቦም ነገራት ይትምነዩ” ይብል።

1. ቀዳማይ ደረጃ ድልየት፦ ንመሰረታዊ ጠለባት ህይወት የጠቓልል።
2. ካልኣይ ደረጃ ድልየት፦ ንምንባር ኣገዳሲ ዝኾነ ጉዳይ ድሕነት የጠቓልል።
3. ሳልሳይ ደረጃ ድልየት፦ ቀዳሞት ክልተ ድልየታት ምስ መጀኣታዊ ምንባር ዝተሓሓዘ ኮይኑ፡ እቲ ሳልሳይ ደረጃ ድልየት ሱታኣምሮኣዊ (ማሕበራዊ) እዩ። እዚ ደረጃ ድማ ዝምድና ምስ ኣዕሩኽ ዝየዳ ተሳትፎ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያት የጠቓልል።
4. ራብዓይ ደረጃ ድልየት፦ ምስ ርእሱ ተኣማንነት ዝተሓሓዘ ኮይኑ፡ ሰባት እቲ ኣብ መነባብሮ ዝድልዩም ኩሉ ነገራት ምስ ተማልኣሎም፡ ካብ መዘኑኦምን ካልኦትን ተፈላጥነት ንምርካብ ዝጸበዩሉን ንደረጃ ካልኦት ተፈላጥነት ዝሃብሉን መድረኽ እዩ። ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ናይዚ መድረኽ’ዚ ፍልስፍናዊን ስነፍልጠታዊን ነገራት ዝድህስሱ፡ ንውህደትን ስርዓትን ልዑል ኣቓልቦ ዝህቡሉ መድረኽ’ውን እዩ።
5. ሓሙሻይ ደረጃ ድልየት፦ ኣብዚ ደረጃ ዳርጋ ኩሉ ዘድልዮም ነገራት ተማሊኡ ክንዮ መጀኣታዊ ህይወት ንዋሕዚ ዝጥምትሉ፡ ልዑል ሞራል ዘርእዩሉ፡ በዓሀቲ ነገራት ንምፍታሕ ዝጽዕትሉ፡ ንክውንነት ብቑሊል ተቐቢሎም መፍትሒ ዘናድዩሉ ደረጃ ክበሃል ይከኣል።

ናይ ማስለው ደረጃታት ድልየት፡ ሰብ ዝተፈላለየ ድልየታት ከምዘለዎ ድልየት ድማ ምስ ግዜን ኩነታትን ከም ዝቕያየር’ዩ ዝገልጽ። ድልየት ብደረጃ ወልቀሰብ ጥራይ ዝድህስስ ድማ እዩ። ንሓደ ወልቀሰብ፡ ካብ ሕብረተሰቡን መድረኽ ምዕባለ ሕብረተሰቡን ነጺልካ ምርኣይ ግን ኣጸጋሚ እዩ። ሕብረት ሶቭየትን እተን ካልኦት ማሕበራውያን ሃገራትን ኑቲ ድንጋገ ዘይደገፋ፡ እቲ ድንጋገ ኣብ ወልቀሰብ ዝዘከረ ብምንባሩ’ዩ ኢልካ ክግመት ይከኣል። ምኽንያቱ እዘን ሃገራት ማሕበራዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ዝሃንጸሉ ዝነበራ እዋን፡ ኑቲ ዝተጠቕሰ ወልቃዊ መሰላት ከምዘለዎ ክቕበልኦ ዘይመስል’ዩ። ንኣብነት ዓንቀጽ 18 ናይቲ ድንጋገ “ሰብ ሃይማኖቱ ወይ እምነቱ ንምልዋጥ መሰል ኣለዎ” ዝብል ኮይኑ ብቐጥታ ምስ ሃይማኖታዊ መትከላት ዝጋጨ’ዩ። ስዑዲ-ዓረብ እዚ ብምቅዋም ኑቲ ድንጋገ ኣይደገፈቶን። ስዑዲ-ዓረብ ምቅዋማ ኣየገርምን። እቲ ዘገርም እተን ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ ሃይማኖት ጸንዕ እምነት ዝነበረን ሃገራት ምዕራብ ላቲን ኣመሪካን ኣፍሪቃን ምድጋፈን እዩ።

ቀንዲ ሃንዳሲት ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እያ። እዮም ሃንደስቲ እምበኣር “ኩሉ ሰብ” ክብሉ እንከለዉ ኣየናይ ሰብ የመልክቱ ምንባሮም ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን’ቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ብቐጥታ ኮነ ብዘዘዋዋሪ ናይ ምድማጽ መሰልን ካልእ ብዙሕ መሰላትን ዘይብሮም ሚልዮናት ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ነይሮም እዮም። ብተወሳኺ በቲ ናይ ማስለው ደረጃ ድልየታት “ኩሉ ሰብ” መጀኣታዊ ድልየታቱ፡ ማለት ማይ፡ መግቢ፡ ጥዕና፡ መጽለሊ ከይተማልኣሉ ብዛዕባ ምድማጽን ሓሳቡ ምግላጽን መሰል ኣለካ ክትብሎ ትርጉም የብሉን። ይትረፍዶ ኣብ 1948 ክሳብ ሎሚ ኣብ ኣመሪካ (ብመጠኑ ከኣ ኣብ ሃገራት ምዕራብ) ስራሕ መግቢ፡ ትምህርቲ፡ ገዛ ወዘተ. ዘይብሎም ሚልዮናት ኣለዉ።

ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ካብ ዝድንገግ ክሳብ 1990 ማለት ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት ዝለዓሉ ዝነበሩ ክስታትን መቐጻዕትን ኣብተን ማሕበራውያን ዝበሃላ ሃገራትን ተሓባበርተንን ዘተኮረ’ዩ ነይሩ። ዲቕ ዝበሉ ጨቋንቲ፡ ብጃምላ ቀተልቲ መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ እስያ፡ ደቡብ ኣመሪካ ደገፍቲ ኣመሪካን ምዕራብን ክሳብ ዝኾኑ ኣይክሰሱን፡ ኣይቅጽዑን ዝነበሩ። ስርዓት ሃጸይ ሃይለስላሰ ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ዝፈጸሞ ቅዝፈት ብምዕራባውያን ተሳዒሉ ኣይፈለጥን። ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት ኣተኩሮኡ ናብ ገለ ሃገራት ኣፍሪቃን ካልእ ከበባታትን ዝቐየረ እምበኣር ብቐንዱ ድሕሪ ምፍራስ ሕብረት ሶቭየት’ዩ። ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመት፡ ጉዳይ “ሰብኣዊ መሰላት” ከም ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ገይረን ዝንቀሳቐሳ ኣሽሓት ዘይመንግስታዊ ማሕበራት (NGO) ጫጩሐን እየን። ኣተኩሮ ዝገብራሉ “ሰብኣዊ መሰል” ድማ፡ ከምቲ ማስለው ዝገልጾ ኣብቲ መጀኣታዊ ድልየት/ጠለባት ሰባት ማለት ማይ፡ መግቢ፡ መጽለሊ፡ ድሕነት/ጸጥታ ዘይኮነ፡ ናይ ላዕሊ-ላዕሊ ድልየታት ጥራይ’ዩ። እሱ’ውን ብመገዲ ንኹሉ ዘይኮነ ብፖለቲካዊ ድልየታት ገለ ምዕራባውያን ሃገራት ዝምራሕ እዩ።

ይቕጽል . . .

# ሩፍታ

ጥዑምዝጊ ተስፋይ
tum.tes.88@gmail.com

## ሰኣን’ታ ጭራም ወረቐት

### ሳልሳይ ክፋል

“ካብዚ ንደሓርከ ከመይ ቀጺልካ?

“ሓደ መዓልቲ ወጺአ ወዓለ ቑጽሪ ናብ ገዛ ምስ ተመለስኩ፡ እቲ ኹሉ ግዜ ዝከታተሉ ዝበረ ዘመድና ዝርከቦም፡ ሓሙሽተ ኣዝማድ ከቢቦም ቡን ክሰትዩ ጸኒሖምኒ፡ ለና ካብ ስራሕ ተፈዲሳ ኣብ መጽርም ኮፍ ኢላ ነበረት። ካብ ኣፍደገ ክምለስ ጸቡቕ ኣይኮነን’ ኢለ’ምበር፡ ምተመለስኩ ነይረ፡ ብቓል ጥራይ ሰላምታ ሂበ ኣብ ጥቓ ለና ኮፍ በልኩ። ከም’ዛ ክዛረቡ ዘጽንሑ ከላየም ትም ኢሎም። ግን ደማ ሰሪቖም ይጥምቱ።

“ቀሩብ ጸንሕ ኢሉ ብድድ ኢለ ክወጽእ ምስ ቖልኩ፡ ‘ጽናሕ ዘወደይ ንኻ ደልየም እየም መጺኦም ዘለዉ’ በለትኒ ኣደይ። ተመሊሰ ኮፍ ኢለ፡ ‘እንታይየም ክብሉኒ? ናብ ዓዲ ደየም ክወስዱኒ?’ ኢለ እናሓሰብኩ ሸቐልቀል በልኩ። ንሱና ‘ንምንታይ ደልዮምኒ’ ብዝመስል ስምዒት ጠሚቶምኒ። ኣይመለሱለይን። ሃዊሕ ከይጸንሑ፡ ሓደ ካብኦም ‘ንዓ ናብዚ ቕረብ ዘወደይ’ በለ። ድግርግር እናበልኩ መንበር ሒዘ ኣብ ጥቓኦም ኮፍ በልኩ።”

ጸቡቕ ነገር ክዛረቡ ከም ዘይኮኑ ካብ ገጾም ኣንበብክዎ። መንፈሰይ ‘ኣብ ገዛ ዝሎ ብዙሕ ኣደይን እንታይ ገይሶምዎም ኣኼባ ገይሮም ዝጸውዑኒ’ ብዝብል ጸልእን ሕርቃንን ተመሊኡ። ስለዚ ደማ ዕረ ዝኾነ መልሲ ክህቡ ደሊየ ነበርኩ።

“ድሕሪ ቅሩብ ሰከንድታት ኮፍ ምባለይ ‘ዎ ናጣኻዩ . ናጣኻዩ’ ተበሃለ። ‘እንታይ እያም ኮይናም? - ስለምንታይከ ንዓይ ይጽውዑኒ’ ብዝመስል ስምዒት ናብ ኣደይ ገጸይ ጠመትኩ። ኣብ ገጻ ፍርሒ ዝተሓወሶ ዝመስል ሕንቅት ኣንበብኩ። ኣትኪላ ክትጥምተኒ’ውን ድፍረት ኣይነበራን።

“እቲ ዝጸልኣ ዘመድ ‘ሰሚዕካ ኪዱ ንኻ ክንበል ኢና ከሳትና ጉዳይና ረጥሪጥና መጺእና ዘለና’ በሊ’ሞ፡ ኣብ ዝደነኹዎ መልሲ ከይጸበኩዎ ትም ምስ በልኩ ‘ንዓኻንደየ’ታ? እንታይ ደየ ዝዘረብካ ዘለኹ?’ ወሸ ብቑጥዑ፡ ሓንሳብ ቅጽበ ኣለ ጠሚተየ። ኽ እንታይ ክበሃል ከም ዝኾነ ከይፈለጥኩ መልሲ ክህቦ ምጽባዩ እናሕረቐኒ ‘ተሰእኮ በሎ’ መጽኣ።

“ንርእሳ ዝከኖማ ትደሊ ኣረጊት ሰበይቲ ካብ ብህጻን ክሳብ ኣብዚ ዘለኹዎ ዕድመ ጎዚዛ ተኸናኺናትካ፡ ንሰኻ ኣይትሰርሕ፡ ኣይትመሃር፡ ኣይትሕዋዝ፡ ኣብ’ታ ዘይጠላ ከም ኣደ ኼዮናትካ፡ እንታይ ዝበረትካያ ኣልካ ክትደግመላ ምተገባኣካ! ዝሓለፈ ሓሊፉ ኣሎ። ሕጂ ግን ይትረፍ ንዓኻ ክትሰከማ፡ ንዓኣ ጸዋሪ ትደልየሉ ግዜ’ዩ’ ምስ በለ፡ ብኣገባብ ኣዘራርባኡ ግዲ ኼዩናም ከላየም ጉርምርም በሉ። ንሱ ደማ ንኸሉየም ኣፍጠጠሎም። ኣሳቢሩ ደማ ‘ሸቕ በሉ፡ ካብ ሓቂ ዝሓልፍ ነገር የለን። ንዓኣ ክሕሹ ንእኡ ደማ ክሕሾ ኢልና ኢና ንዛረብ ዘለና። ኣብ ነዮርካም ኢኹም ሕጂ ጉርምርም ትብሉ!’ ክብል ኣንጠጠሎም። ዘረባኡ ዘለ ከም እሾኽ ይወግኣኒ ነይሩ። ብሕርቃን ጣዕ ክብል እናደለኹ ንፅሚቲ ተይ ውሒጠ እንታይ ከም ዝበለ ክሰምዕ ተጸበኹዎ። ክሳብ’ታ ግዜ እተአ ምሳይ ናብ ዓዲ ክከይድ ኢኻ ዝበለ እዩ መሲሉኒ። “ንሱ ክውድእ’ሞ ‘እንታይ ኣእትዮ፡ ኣደይኮ ንዓይ ትቐርበኒ!’ ንክብሎ ተዳልየ ዓቕሊ ገይረ ሰሚዐዮ። ኸሕማቕ እንተ መሲሉለይ ደማ ወይ ክዘብጦ ወይ ደማ ገዲፈዮም ክኸይድ።

“ንኹላቶም ተቐጢዑ ትም ምስ ኣበሎም ‘ክንዲ ሰብ ኣኺልካ ኢኻ፡ ሳዕለን ታሕቲን ኣልካ ወለድኻ ድለየም፡ ንዓኣ ደማ ክንዲ’ቲ ዝበበረትልካ ኣመስግኖ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ከምኡ ገይራ ዘይወለደቶ ትጸውር ሰበይቲ ርኢኻን ሰሚዕካን ትፈልጥ ዲኻ? ካብዚ ንጸዉ ንዓኣ ኣመስጊንካ ክትወጽኣላ እዩ ዝግባኣካ፡ እዚ’ውን ደንጉ’ኻ . .” ምስ በሉ ክትሰምዖ ዘለቓ ክትማሰል፡ ኣእዛና ከዲና ርእሳ ናብ ኣብራኻ ኣውደቐቶ። ኪዳ ሓንሳብ ደጊሙ ጸሪሑ እናንቀጥቀጠ ኣሰዐበ።

“ኪዳ ወደይ፡ ኣነ ዋላ እንተ ዘይወለድኩኻ ወላዲትካ ኢየ፡ ኣነ ደኣ ‘ስለምንታይ ዘይትምርዖ’ ኢልካ ንኸይትግዝኣ ኢለ እምበር፡ ወደይ ክትከውን መሲለ ጸለኣ፡ ክንዲ ሰብ ስለ ዝኣኸልካ እየ ዝዋረካ ዘለኹ፡ ደገም መውሰ እንደገና ዕፃምኣም በሉ’ሞ፡ ሓደ ካብኦቶም ‘እስለ ኣሉ ስሙ ብምጽዋዑ ከም’ኡ ገይርካ ደዩ ዝዝረብ? ወላዲ ከም ዘይከኣ ከፍልጦ ኢና መጺእና። እዚ ሰብ ደማ ዝፈልጦ ነገር የብሉን፡ ወይለይ፡ ቀሰ ኢልካ ንገሮ። ኣዘራርባኻ ኣገባብ ኣለዎ. . .” ኢሉ ምስ ተቓወሞ፡ ንሱ ደማ ‘ክኢሎ ኢልካ ዲኻ! ካብዚ ዝበሎ ዘለኹ ሓሊፉ እንታይ ኢኻ ክትወሰኸሉ፡ ‘ኣጥፍኒ ኣድኻን ደለ’ እብሎ’ለኹ። እንታይ ኢኻ ከተማዕር’ ክብል ብድሪ ኣንቃሸሾ፡ ንሓድሕዶም ደማ ተዛዘዉ።

ትርግታ ኪዳ፡ ልቡ ብበዝሪ ትቕጥቅጥ ከም ዝበረት ዘኖውጽ ድምጺ ኣስመዐ፡ ደሙ ብምሉኡ ናብ ርእሱ ከም ዝደየበ ንርእሱ ክሸከማ ኣጸገሞ። ብሃንደበት ኣካላቱ ረሰሸ በለ። ድሕሪኡ ዝቐጸለ ዘረባ እናሰምዖ ከሎ ክስተውዕሎ ኣይከኣለን።

“ንዝተወሰነ እዋን ድንዝዝ እየ ኮይነ፡ ብርግጽ እንታይ ከም ዝበለ ኣይተሰወጠኒ። ደርደሓ ኣሎኒ፡ ምሉእ ብምሉእ ግን ኣይጸረለይን፡ ወይ ደማ ክቕበሎ ኣይከኣልኩን፡ ‘ኣጥፍኒ ኣድኻን ደለ!’ - ‘እንታይ ንክብልየ? - ሓቂ ደዩ?’ በልኩ ብቓለተይ። ሕውስዋስ ዝበለ ስምዒት ወረረኒ። እቲ ኩሉ ነገር ናብ ሕልሚ ገጹ ቀረበ። ብጻዕሪ ንርእሰይ ኣቕኒዐ ንኹላቶም ጠሚተዮም። ክፉኣትን ደቀቕቲ ፍጥረትን ኮይናም ተራእዩኒ። እቲ ገዛ ይኹን ኩሉ ንብረት ደቀቐ። እታ ደቃቕን ምስኪንን መሲላ ትረኣየኒ ዝበረት ኣደይ ንበይና ትደርዝ ነይራ። ለና፡ መዓስ መጺኣ ኣብ ጎድነይ ኮፍ ከም ዝበለት ኣይተረድኣንን። የማነይ ኢዳ ኣብ ማእገረይ ሰቒላ ‘ኪዳን’ ምስ በለትኒ’የ ኣብ’ቲ ናይ ሕልሚ ዓለም ኣብ ጥቓይ ምህላዋ ዘስተውዓልኩ። “እጆኻ ኪዳን ሓወይ፡ ክሳብ መወዳእታ ብሓንሳብ ኢና ክንነብር” ኢላ ማእገረይ ጠበቐትኒ። ግልጽ ኣሊያ ኣዒንተይ መላኽኡ።

“ዘረባኡ ምስ ወድአ ድሕሪ ሚይ ናብ ብዓቲ ‘ንሸኺኽ ዘይትዛረቢ? እንታይ ደኣ ትም ትብሊ? እንታይ ክርከብ ኣለኺ ኣብ ልዕሊ ሰበይ ዝምሕረር’ ክብል ደምደመ እቲ ሰይጣን ኮይኑ ዝረኣየኒ ዝበረ ዘመድ።

ናይ ኣደኡ መልሲ ንኽሰምዖ ብፍርሃት ተጸበዩ። ንሱን ግን ክብላ ምስ ሓሰብ ሕንቕንቕ ኣለን ቃላተን ምውጻእ ኣበየን። ዘረባኣን ንኽሰምዑ፡ ናይ ኩላቶም ኣዒንቲ ኣብኣ ተተኺሉ። ለና ኑ፡ ዘረባ ካብ ወላዲታ ኣሉ፡ ወላድ ኣሎ. . .” ብምባል ደሃይ ምንባዕ ቀጸለት ኣደይ። እቲ እናፈለጥኩዎ ክርድኣኒ ዘይከኣለ ወይ ደማ ክቕበሎ ዘጸገመኒ ሓቂ ደማ ብዝሃዳ ክበርሃለይ ጀመረ። ኣዘራርባ ናይ’ቲ ዘመድ ግን ንደመይ ኣፍሊሑዎ”

“እንታይ ይብሉኻ ከም ዝበሩ ኣይተረደኣካን ማለት ደዩ?”

“ሃንደበት ስለ ዝኾነ በቲ ሓደ ደርደሓኒ፡ በቲ ካልእ ደማ ‘ከመይ ገይሩ ክኸውን ይኽእል?’ ኢለ እሓስብ። በቃ ተሓዋዊሰ።”

“‘ንበዮት ክሰዕሪ እናበለ ‘እንታይ ኢኹም ትብሉኒ ዘለኹም?’ ኢሉ ንኹላቶም በቡላዱ ጠሚተዮም። ንኣደይ ደማ ‘ኣድኻ ኣይኮነትን ዲኺ ትብልኒ ዘለኺ? ኣብዚ ግዜ ደኣ እንታይ ኣዝዚብ ኣለኺ? ከመይ ኣለኺ ማለት? ክብል ምስ ንበዮተይ ጠመትኩዋ። ኣደይ ብሓዘን ተኸዲና ዓይኒ ዓይኒ ትጥምተኒ ነይራ። ደጊመ ‘ንርኂጥ?’ እናበለ ነበርኩ።

‘ኣታ ኪዳ ወደይ፡ ኣድኻ ኢጋ ምኾነ መጺኣ ኣሕደርኒ ኣሊላ። ዕዳጋ በጺሐ ክምለሰየ ኣሊላ ብድቁሶኻ ምስ ከደት፡ ንሳ ዝኣንገዐ ኣይተመለሰትን። መን ሓሰበዎ እምበር ምሓተትኩዋ’ንዩ። ኣደ ቖልዓ ስለ ዝኾኑት ጸቡቕ ዝበበርኩ መሲሉኒ እንደኣሉ። ኣነስ መዓስ ቀሲነ፡ ንኸንደየካ ዘይሓተትኩ። ቀሩብኪ ግን ከራትኪ እንተ ትኸውን . . ግንስ፡ ሰማ ኣይፈልጦ፡ ዓዳ ኣይፈልጦ፡ ቤተሰብ ኣለዋ ደዩ የብላን. . . “ እንታይ’ሞ ክገብር እየ፡ ቀበጽ ኮፍ ኣለ”

‘ሕጂኸ ኣበይ ኣላ? ኣበይ’ዩ ኣድራሻኣ?’ በልኩዋ። ዓቕሊ ጸቢበዩ ኣሕቲቲ’ምበር፡ ቅንጣብ ሓበሬታ ከም ዘይብላ ጸቡቕ ገይራ ገሊጻትለይ’ያ።

‘ኣይትሻቐል ዘወደይ’ በለ ሓደ ካብኦቶም። ‘ኣበይ ከም ዘላ እንተ ትፈልጥዶ ንኻ ሓበኣትልካ! ናይ ዝሓለፈ ገዲፍና ናይ ሕጂ ንግበር። ክንዲ ሰብ ስለ ዝኣኸልካ ክንሕብረካ ግቡእ እዩ። ኣብ ዝኸኣልናዮ ይኹን እዋን ብዛዕባ ወለድኻ፡ ዓድኻ፡ ዝምድናኻ ክትሕተት ኢኻ። ግዜ ምስ ከደ ‘ኣብ ኣፉን ዕርዝኡን ‘ስለምንታይ ዘይሓበርኩምኒ?’ እንተ በልካ ጥቕሚ የብሉን። እዚ ከተፍልጠካ ሓላፍነታ እዩ። ክሳብ ሕጂ እውን ደንጉያ እያ። ንሳ ኸኣ ከም ኣደ ኾይና ስለ ዘዕበየትካ ኣይትጥዕሞ ዘወደይ። ጎዚዛ ኢኻ ዘለኻ፡ ሳዕለን ታሕቲን ኣልካ ወለድኻ ክትረኽቦም ምዃኻ ኣይትጠራጠር። ካብ ዕጫ እምነ መስ ኳኽካ ተወሊድካ! ኣምላኽ ምሳኻ ይኹን ዘወደይ’ በሉ።

ኪዳ፡ ዋላ ሓንቲ ክምልስ ኣይከኣለን። ኣብ ርእሲ’ቲ ዘይሕጉስ ህይወቱ እዚ ምስ ተወሰኸ ምስ ትግሃሱ ኹሉ ዝሞት ክሳብ ዝማሎ ተስፋ ቖረጸ። ልቡ ተሰብረ። ‘ናበይ እየ ክኸይድ - ወለደይ ኣበይ ክረኽቦም እኽእል? ብህይወት ይህልዉዶ?. . .’ እቲ ሓደ ሕቶ ከይማለሰ ካልእ ሕቶ እናተኸተለ ኣብ ማእከሎም ከሎ ማሕደ። እታ ኣመና ዝፈትዋ ለና ሓፍቱ ምዃና ምስ ተሰወጦ ንበይኑ ዝተረፈ ኾይኑ ተሰምዖ። እቲ ድልዱል ጎበዝ ብዝረን ምስትንታንን ተኸርምዩ ረዳኢ ዘይብሉ ምዃኑ መሰሎ።

“ደሃ ንብዓተይ ኣፍሰሰየ። ኣደይ ኣይትፈልጠኒ፡ ኣይትጥይቐኒ ከም ወላዳ ተቐቢላ እናዕበየትኒ ኹሉ ዝበደልኩዋ ኹሉ ኣብ ቅድመይ መጺኡ ንሕልናይ ክሃቕዮ ጀመረ። ኹሉ ምኽንያቱ እንተ ዝፈልጥ ነይረ ምተዓረቕኩን ምተመሳሰልኩን። እቲ ኹሉ ዓመታት፡ ንሳ ከም ኣኻ እናፈለጠትኒ ኣኻ ኣደይ እናመሰለኒ ምንባርና እናዘከርኩ ነብሲ ስጋይ ተቐንጠጠ።

“ኣደይ ወይ ኣቦይ ኣበይ ከም ዘለው ‘ኣይንፈልጦን ኢና’ ዲኻም ትብሉኒ ዘለኹም? ሽዑ’ውን ናይ ዓቕሊ ጸበበ ሕቶ እየ ሓቲተየም”

“ኣታ ቐልዓ ትሰምዕ ዲኻ? እንታይ ድያ ክትብለካ ጸኒሓ?” በለ እቲ ጥዑም ዘረባ ዘይቀርቦ ዘመድ።

“ሸቕ በል ንሽካ ኣይእትወላን። ሸቕ በል እብለካ ኣለኹ ሸቕ በል! ነገር ደሊኻ እንተ ኴንካ ግን ክትብበረካየ ወድኻ . .” ኢለ ብድድ በልኩ። ንሱ’ውን በትሩ ዓቲሩ ደው በለ። ኩላቶም ሓፍ ኢሎም ኣብ መንጎና ኣተዉ። ሓደ ካብኦቶም ደውጥጠኒ። ለና ኣብ ነብሰይ ተጠምጢማ ‘ኪዳ ሓወይ. . ኪዳን በጃኻ . በጃኻ ግደፍ. . .” ትብል። ደመይ ፈሊሑ። ማህረምቲ ጥራይ ዘይኮነ ብሰይ ከይመንጨትኩዎ ክየግዞ ዝኽእል ኣይነበርኩን። ሕርቃነይ ፈሊሑ ኹሉ፡ ኣብቲ ገዛ ጓኖ ምኽንያይ ይስመዖ ነበረ። ደሓን ደኣ ግን ንሱ ሓንሳብ ሓዚዎም ኮፍ ምስ ኣበልዎ ደጊሙ ኣይተንስኣን። ቃል’ውን ኣየምለቐን። ብኸንደይ እዝዩ፡ ለና ካብኦቶም ፍንትት ኣቢላ ኮፍ ኣበለትኒ። ንዝተወሰነ ግዜ ሰቕሰቕ ኩነ።

“ኸ ከይበልኩ ብድድ ኢለ ናብ ኣፍደገ ገጸይ ሰጉምኩ። ብድሕረይ ‘ጽናሕ’ባ! - ናበይ ደሊኻ? ኪዳ. . .’ ዝብል ናይ ኣደይ ወሲኽካ ድምጽታት እሰምዕ ነበርኩ። ኣነ ግን ንኹሉ ጸምም እዚ ሂበ መንገደይ ቀጸልኩ። ቀሩብ ምስ ከድኩ ‘ኪዳን’ ዝብል ድምጺ ምስ ሰማዕኩ ግልጽ ኢለ፡ ለና ብሃታ ሃታ ሓሂታ ዝወጸኣት ንእሽቶይ ሻል ኣመሓራርያ እናተጐልበበት ክትስዕበኒ ረኣኹዋ።

“ለና - ናበይ ደሊኺ? ተመለሲ ኣብዚ ቐረባ በጺሐ ክምለሰ’የ” ኢለያ መንገደይ ቀጸልኩ።

“ኪዳን ሓወይ ናበይ ትኸይድ ኣለኻ? ዋላ ክትከይድ እንተ ኾይንካ ክፋነወካ እንዲና። ግዝኣስ ኣይደልየካን ደዩ. . .” ምስ ቅልጣፈ ስጉምተይ ዘበዝበ እናወሰኸት ማእረይ ብምኻድ ንኽምለስ ለመነትኒ። ቀሩብ ምስ ከድኩ ስለ ዝደንጸኹላ ደው ኢለ ‘ለና ተመለሲ ክመጽእ’የ መሸ እብለኪ ኣለኹ’ በልኩዋ። ከም ወትሩ ‘ለና ሓፍተይ’ ንኽብላ ከበደኒ። ንኽምለስ ብዙሕ ተኸራኸረትኒ። ንበይነይ ናበይ ከም ዝኸይድ ስለ ዘይፈለጥኩ የተሓሳስበ’ዩ ዘሎ። እንተ ኸድኩ’ውን ማበኣ ወይ ተስፉ ዝኾኑ ሓበሬታ የብለይን። ኣብ ርእሲ’ዚ ካብ መንደፈራ ብቐሊሉ ክወጽእ ዝኽእል ኣይነበረን። ጭዕ ተታሒዘን ናጽነት ዝቐረበሉ እዋን ብምንባሩ ኩሉ ነገር ጸበበ እዩ። ወተሃደራት እንተ ረኺቦምኒ ምስ ዝበርም ጭንቀት ክቕትሉኒ’ውን ይኽእሉ እየም። ከም ኣማራጺ ወሲደ ዝበርኩ ናብ ገድሊ ምውጻእ ጥራይ እዩ።’

“‘ንናይ ገዛ፡ ኣነ ኣይገድፈኩዮ፡ ክትከይድ እንተ ደሊኻ ዘድልየካ ሓገዝ ተፋኪኛ ትኸይድ’ ኢላ ብኽንዳይ ሓዘኑ፡ ብልዙብ ቃላት ኣብ ሕማቕ ምህላወይን ተናፈሰ ከም ዘሎ ከም ዝበልክዎ ነገራ። ‘ምሓለለይ’ ኢላትኒ። ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝምሕሎ ‘ወላዲተይ’ ኢለ መሓልኩላ። ደጊማ ምስ ተማሕጸንትኒ ጎቦ ልቢ ኾይና ተመለሰት። ዝርርብና ኣብ ብዙሕ ዝሽሓ ይኹን ከይሓሰብኩ ከም ልማደይ እየ ምሓለ። እታ ዝመሓልክዋ ግን ኣብ ሓንጎለይ ደወለት። ‘ብኣደይቶን ወላዲትካ ኢኻ ምሓልካ? ኢሉ ሕልናይ ሓተተኒ። ‘ብመን እየ ምሓለ?’ መልሲ ሰኣንኩሉ። ምሽታ ማሕለ ደማ ናይ ኻንት ስምዒት ወረረኒ።’

ይትረፍዶ ምዕራፍ ክህልዎ ኣእጋሩ ናብኖይ ኣንፈት ከከዱ ከም ዘለዎ ከይፈለጠ እዩ ወጺኡ። ‘ኣብ ከበኡ እንታይ ኣሎ? እንታይ ይግበር ኣሎ? ኣበይ ዓዲ? ዘለዉ’ውን ኣምሮ ኣይብርን፡ ኣቦ የብሉ ኣደ ሓው የብሉ ሓውቲ ዘመድ የብሉ መጸዊዒ . . . ብዘይወዓሉ ኣቦት ጸዋዩ ዝጸንሖ ጅራ ፈረሪ በጺሑ። ካብ ኸ ቦታ ተደርቡዩ ብሃንደበት ኣብኡ ዝበለ ኹሉ ተሰምዖ።

“ናብቲ ጅራ ፍኖሪ እንታይ ክገብር ከም ዝመጽኡ ኣይርደኣንዩ፡ ክንደይ ግዜ ምኻዱ እንደዒ ኣቦኡ ጸሓፉ። ኣኻምሮይ ብልክዕ ከማዘበን ዝኸእል ኣይብረን። ዋላ ሓንቲ ኣማራጺ ስለ ዘይብሮ ደማ ሳንጋ ሳንጋ ኹሉ ናብታ ኣቦቲ ዓዲ ‘ኣሉኪ’ ዝብሉ ኣፍቃሪት ክሰቦም ጀመረ። ዕረሮ ዳርጋ ኣርከብኩ። ወትሑድ ኣቕረሽ እንተ ዘይኾነ ግዝበ የብለይን። ኣቦቲ ደኳን በጺሓ ሰላም ምስ በልኩዋ ‘ሽጋራ ሃብ’ ኣሊዩ። ደኳን ዘይምንጋሩ ርእይ ስለ ዝበረ ‘እንታይ ኴንካ ኣለኻ?’ ኣላ ሓቲታትኒ።

‘ዋላ ሓንቲ!’

‘ከሰ ኴንካ ኣለኻ?’

ይቕጽል . .

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጥበባት |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:31 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:11 | ፓኖራማ |
| 15:45 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ካብ ሰሉዳት |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፌ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ማስተኸር |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ጥበብ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እትመት |

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

# ስነ-ቁጽሪ፡ ሕመረት ናይ ኩሉ ዓውዲታት ትምህርቲ'ዩ

ስእሊ. ዮውሃንስ ሙብራህቱ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ስ-ቁጽሪ ኣብ ዝረአ ድኽመታትን መፍትሒኡን ዘተኰረ ዓውደዘተ፡ ብ20 ሚያዝያ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ኣካይዱ ነይሩ፡፡ ኣብ ነንበይኑ ኩርናዓት ሃገርና ዝርከቡ ተማሃሮ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራታት ድሕሪ ምስታፎም ኣብቲ ዓውደ-ትምህርቲ ዘመዝገብዎ ወጽኢት ኣዝዩ ትሑት እናኾነ ይመጽእ ኣሎ፡፡ እቲ ጉዳይ ኣብ ስርዓት-ትምህርቲ ኮነ ጉዕዞ ህይወት ተማሃሮ ዓቢ ዕንቅፋት ብምዃኑ፡ ጠንቁ ኣጻንዑካ ዘላቒ ፍታሕ ምርካብ 'ደጋጉላይ' ዘይብሃሎ ጉዳይ እዩ፡፡

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘሰምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ መንግስቲ ካብቲ ጸንከር እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ርእሱ ብምኽኣል፡ ህንጸት ሃገርን ሓያል ቁጠባን ብትምህርቲ ከም ዝረጋገጽ ብምእማን፡ ብኣዝዩ ድሩት ዓቕሚ ስርዓት-ትምህርቲ ከዋድድ ከም ዝጀመረ ገሊጹ፡፡ ብኡኡ መንጽር፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ዞባ ማእከል ተማሃሮ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቀረባኦም ስለዝመሃሩ፡ ብሰንኪ ጽቡት መማሃሪ ክፍሊ ይኹን ካልእ ሕጽረታት ዕድል ትምህርቲ ዝተኸልኦም ዜጋታት ከም ዘየለዉ ኣረዲኡ፡፡ በዚ መሰረት፡ ኣዝዮም ብዙሓት ዜጋታት ፍልጠት ቀሲሞም፡ ኣብ እተፈላለየ ልምዓታዊ መደባት ይሳተፉ ከም ዘለዉ ድማ ወሲኹ ኣብሪሁ፡፡

መምህር በላይ ቀጺሉ፡ "ብቑዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምውዳድ ብዙሕ ክማልኡ ዝግብኦ ረቛሒታት'ኳ እንተሃለዉ፡ እቲ ወሳኒ ጸላውን ኣካል ግን መምህር'ዩ፡፡ ብኹሉ ሓያል ጻዕሪ መማህራን እምበኣር ብዙሕ ዓወታት ተመዝጊቡ እዩ፡፡ እንተኾነ፡ ካብ ዝሓለፈ 10 -15 ዓመታት ኣትሒዙ ወጽኢት ተማሃሮ ኣብ ቁጽሪ እናንኣሰ መጺኡ፡፡ እቲ ትሑት ወጽኢት፡ ኣብ ዝፍጸም ገምጋም ሃገራዊ መርመራታት ብተደጋጋሚ ክጥቀስ ጸኒሑ ኣሎ፡፡ ስለዚ፡ ሰቕታ መፍትሒ ስለዘይኮነ፡ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምብጋስ ብሃገር ደረጃ እንታይ ስጉምቲ ክውሰድ ይኽእል ዝብል ሃናጺ ሓሳባት፡ ካብ ተሳተፍቲ እዚ ዓውደዘተ ክቐርብ ሓላፍነታዊ ግዴታና እዩ" ክብል ንተሳተፍቲ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ፡፡

ኣብቲ ዓውደዘተ፡ ካብ ኮሌጅ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ (ማይ-ንፍሒ) ዶ/ር ዑቕባሚካኤል ገብረመስቀል ኣብ ዘቕረቦ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ዓውደ-ትምህርቲ ስ-ቁጽሪ ኣብ ኣእምሮ ደቂ-ሰብ ስሩዕነታዊ ኣተሓሳስባ ብምምዕባል ተበላሓት ንኽኾኑ ከም ዝድርኽ ገሊጹ፡፡ እቲ ዓውደ-ትምህርቲ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ዝጓነፉ ግድላት ንምፍታሕ ከም ዝሕግዝ፡ ንቕሓት ኣብ ምዕባይ እውን ዝለዓለ ተራ ከም ዘለዎን ዝሓበረ ዶ/ር ዑቕባሚካኤል፡ ስ-ቁጽሪ ሕመረት ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ብምዃኑ፡ ንተማሃሮ "ተውህቦ ዘለዎምን ዘይብሎምን" እናበልካ ኣብ ክንዲ ምክፍፋል፡ "ኩሉ ተማሃራይ ክመሃር ይኽእል'ዩ" ዝብል መራሒ ቃል ምኽታል ከም ዘድሊ ኣገንዚቡ፡፡

ዶ/ር ዑቕባሚካኤል ኣስዒቡ፡ "ዓውደ-ትምህርቲ ስ-ቁጽሪ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ንዝርከቡ ተማሃሮ ዘብድህ ኣድማዒ ጸገም እናተባህለ ክግለጽ ጸኒሑ፡፡ የግዳስ ከም ሲንጋፖር፡ ቻይናን ጃፓንን ዝኣመሰላ ብርክት ዝበላ ሃገራት ኤስያ ተማሃሮአን በቲ ዓውደ-ትምህርቲ ዕዉታት ንኽኾኑ ብመሰረት ዘካየዳኦ ዘይሕለል ጻዕርታት እወታዊ ወጽኢት እናረኸባ ይመጽኣ ኣለዋ፡፡ ከምቲ መሰረት ሓደ ገዛ እንተደልደለ ኣዕኑድ እቲ ህንጻ ጸኒዑ ዝጸንሕ፡ ተማሃሮ ካብ መባእታ ደረጃ ኣትሒዞም ብዛዕባ ቁጽሪ እወታዊ ዝኾነ ርድኢት ብምዕባይ ግድላት ክፈትሑ እንተጀሚሮም እውን ዝቕጽል ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ዕዉት ክኸውን ይኽእል፡፡ ስ-ቁጽሪ ብቐጻሊ እናዓሞቐን እናሰፍሐን ዝኸይድ ብምዃኑ፡ ተማሃሮ ካብ ንኡስ ዕድሚኦም ኣትሒዞም ፍቕሪ እቲ ዓውደ-ትምህርቲ ምስኣም እንተዓኾኹ፡ ብኡ መጠን ግድላት ንምፍታሕ ኮነ ሕቶታት ንምምላስ ብተባዕ ክሰርሑ ይኽእሉ፡፡

ብዙሓት ተማሃሮ ነቲ ዓውደ-ትምህርቲ ኣጸቢቖም ከይፈለጥዎን ከይበርበሩዎን፡ ብዝጋነነ ግጉይ ርድኢት ጃጅዮም ክሃድሙ ይረኣዩ እዮም፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ብሃገር ደረጃ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ መርመራታት፡ ብዙሓት ተማሃሮ ኣዝዩ ትሑት ነጥቢ ከምጽኡ ንዕዘብ ኣሎና፡፡ ስለዚ፡ ተማሃሮ መሰረታዊ ፍልጠት ንኽሕዙ፡ መማህራንን ወለድን ኣብ'ተን ቀዳሞት ዓመታት (መባእታ ደረጃ) ብዕቱብ ክጽዕሩ ይግባእ፡፡ ብዘይካዚ፡ ነቶም ስ-ቁጽሪ ዝምህሩ መማህራን ፍልጠቶም ንኸዕብዩ ብቐጻሊ ስልጠናታት ክወሃቦም ኣለዎ፡፡ ካልእ፡ ኣብቲ ዝጸንሐ ስርዓት-ትምህርቲ ለውጢ ብምትእትታው፡ ተማሃሮ ብቴክኖሎጂ ተሓጊዞም ግድላት ንኽፈትሑ ዘተባብዕ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ'ውን ኣገዳሲ እዩ" ክብል ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዶ/ር ቴድሮስ ሰዩም እውን ሓደ ካብ'ቶም መጽናዕታዊ ጽሑፍ ዘቕረቡ እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ ገምጋማት ድሕሪ መርመራታት ከም ዝፍጸም ዝጠቐሰ ዶ/ር ቴድሮስ፡ ብሰንኪ'ቶም ኣብኡ ዘለዉ ካልኦት ብዙሓት ኣገደስቲ ጉዳያት፡ ጉዳይ ስ-ቁጽሪ ምሉእ ኣቓልቦ ወይ ኣተኩሮ ከም ዘይረኽብ ይሕብር፡፡ ብዘይካዚ፡ ኣብቲ ዝካየድ ገምጋም ስ-ቁጽሪ 'ብኸመይ ንምሃር' ድኣ'ምበር 'ብኸመይ ትመሃር' ዝብል ስ-ሓሳብ ከም ዘይልለዩ፡ ከም ሳዕቤኑ ነቶም ጸገማት ብኣጋ ንምፍታሕ ኣብ ክንዲ ዝስራሕ፡ ግዜ ሓሊፉ ምስ ዓኾኹ ዝያዳ ኣተኩሮ ከም ዝወሃቦም ይገልጽ፡፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ወጽኢት ተማሃሮ ኣብ ክፍሊን ሃገራዊ መርመራን ክዛጻጸር እንከሎ - ፍልልዩ እናረሓቐ ይመጽእ ብምህላው፡ ኣብቲ ጉዳይ መጽናዕቲ ምክያድ ከም ዘድሊ ኣስሚሩሉ፡፡

እቲ ዓውደ-ትምህርቲ ተደጋጋሚ ልምምድ ዝጠልብ ብምዃኑ፡ ስርዓት-ኣመሃህራ ልምምድ ዝጠልብ ክኸውን ከም ዘለዎ ዶ/ር ቴድሮስ ይገልጽ፡፡ እቶም ዝዓለዉ መጽሓፍቲ ኣብ ክንዲ ብዙሕ ዘለዎ ጽሑፋት ዝሓቑፉ፡ ውሑዳን ጽፉፋን ትሕዝቶ ዘለዎ ክኾኑ፡ ከምኡ'ውን መኣረምታ ብዘተሓላለኸ መንገዲ ዘይኮነ ብኣረምን መዝርን ኣገባብ ክውሃብ ከም ዝግባእ የረድእ፡፡ መማህራን ብኻልእ ዓውደ-ትምህርቲ ዝተመረቑ ምስ ዝኾኑ፡ ብቐዋምነት ስልጠና ብምውዳብ ፍልጠቶም ዘስፍሕሉ ዕድላት ምጥጣሕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ዶ/ር ቴድሮስ፡ እንተኾነ ግዳ - መማህራን ይኹኑ ተማሃሮ ኣብ ባይታ ብዘርእይዎ ግብረ-መልሲ፡ ትጽቢቶምን ርድኢቶምን ኣብቲ ዓውደ-ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተሓተ ይመጽእ ከምዘሎ የገንዝብ፡፡ "ንዕዉታት ተማሃሮ ብምትብባዕ ነቶም ዝተረፉ ናብቲ ናታቶም ማዕርግ ንምስሓብ ኣብ ክንዲ ዝጸዓረሉ፡ ብኣንጻሩ ንብዙሓት ተማሃሮ ከም ዝሓልፉ ክገብር ጸኒሑ እዩ" ዝበለ ዶ/ር ቴድሮስ፡ እቲ ኣካይዳ - ተማሃሮ ዝጨበጦ ኣምር ከይሓዙ ክፍሊ ጥራይ እናቘጸሩ ካብ ሓደ ደረጃ ናብቲ ካልእ ንኽሰጋገሩ ወይ ንኽሓልፉ ከም ዝዕድም ሓቢሩ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምህር ምሕረትኣብ ሃብተስላሴ እውን ቀጺሉ መድረኽ ዝተረከበ ብዓልሞያ እዩ ነይሩ፡፡ ንሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይን 12ን ክፍሊ ንዝተመዝገበ ወጽኢት መርመራ ስ-ቁጽሪ ብመልክዕ ጽሑፍን ሰንጠረዥን ብምቕራብ፡ "ብደረጃ ሃገር ወጽኢትን ተገዳስነትን ተማሃሮ ኣብ ስ-ቁጽሪ እናኣንቆልቆለ ይኸይድ ብምህላው፡ እዚ ጉዳይ ከቢድ ስክፍታ ዝፈጥር እዩ፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ኣብ ቅሚረ ዝተኣትዉ ካልኦት ዓውዲታት ትምህርቲ ሃሲያኡ እናንጸለ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ፡፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ዳህሳሳዊ ሓበሬታ ወጽኢት ተማሃሮ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ክረአ ንዝጸንሐ ትሑት ወጽኢትን ተገዳስነትን ጠንቁ ንምልላይን መፍትሒታቱ ንምንዳይን ዝዓለመ እዩ፡ ከምኡ'ውን ተሳተፍቲ ዓውደዘተ ኣብዚ ህልው ኩነታት ተራኦም ብምዕዛዝ፡ ሓያል ጎስጓስ ብምክያድ ኣብያተ-ትምህርትን ወለድን ለውጢ ኣብ ምምጻእ እጃሞም ክበርክቱ ትጽቢት ይግበረሉ" ክብል ኣተሓሳሰበ፡፡

ቀጺሉ ድማ፡ "ብሃገር ደረጃ ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ ኾነ ናብ ዝለዓለ ደረጃ'ኳ እንተዘይበጽሐ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ግን - ዕቤት እናኣርኣየ ይመጽእ ኣሎ፡፡ ንኣብነት፡ ናይ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ወጽኢት ተማሃሮ ብ 33% ከም ዝዓበየ ጸብጺቡ የርኢ፡፡ እቲ ወጽኢት ድምር ናይ ኩሉ ዓውዲታት ትምህርቲ እዩ፡ ግን'ኸ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ብስ-ቁጽሪ ትሑት ነጥቢ (F) ዘምጽኡ ተማሃሮ - ቁጽሮም ብጠምጋም ካብ 81% ክሳብ 92% ዝበጽሕ ኮይኑ፡ ውሑዳት ጥራይ'ዮም በቲ ዓውደ-ትምህርቲ ዝሓለፉ ዘለዉ፡፡ እዚ ትሑት ወጽኢት ኣብ ተምሃሮ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብ ተማሃሮ ባህርያዊ ስነ-ፍልጠት እውን ልዑል ሚእታዊት ይሸፍን፡፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ተማሃሮ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝ ጸብለል ክብላ እንከለዋ፡ ኣብ ስ-ቁጽሪ ግን ምስ ደቂ-ተባዕትዮ ክዛጻጸራ እንከለዋ ተቐራሪበ ወይ'ውን ንሶም ጸብለል ይብሉ፡፡ ስለ'ዚ፡ ተወዳደርትን ብሉጻትን ክኾና ሓያል ጻዕሪ ዝሓትት ስራሕ ይጽበየና ኣሎ" ኢሉ፡፡

እቲ ዝተወደበ ዓውደዘተ፡ ኣብ መላእ ሃገር ዝረአ ትሑት ወጽኢት ስ-ቁጽሪ ጠንቁ ኣለሊኻ መፍትሒ ኣብ ምምጻእ ሓዲሽ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ፡ ርእይቶ መማህራን ስ-ቁጽሪ፡ ምሁራን ካልእ ዓውድታት ትምህርቲ፡ ተማሃሮን ዕዱማት ኢጋይሽን ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነይሩ፡፡ በዚ መሰረት፡ ካብ ተጋባእቲ ብርክት ዝበለ ሓሳባት ተላዒሉን መግለጺ ቀሪቡን፡፡ ገለ ካብቲ ርእይቶታት፡ መምህር ኣማእዛዚ ኣካል ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ እቲ ዓውደ-ትምህርቲ እወታዊ ርድኢት ንኽህልዎ ብቐጻሊ ስልጠናታት ክውደበሉ፡ ነቶም ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝምደቡ መማህራን ድማ መተባብዒ ሓለፋታት ክግበረሎም ከም ዝግባእ ይጠቕሱ፡፡ ተማሃሮ ኣብ መባእታ ደረጃ መሰረት እንተሓዙ፡ ኣብቲ ዝቕጽል ደረጃታት ከይተጸገሙ ንኽኸዱ ዝሕግዝ እዩ፡፡ ስለ'ዚ፡ ብቑዕ መምህር ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ኣብ ዝጸንሐ ስርዓት-ትምህርቲ ክለሳ ብምግባር ተማሃሮ ባዕሎም ንኽመሃሩ ኣብ 9ይን 10ይን ክፍሊ መለማመዲታት ክዳሎ፡ ከምኡ'ውን መጽሓፍቲ 4ይ ክፍሊ ብዘኽበደ - ናይ 5ይ ክፍሊ ድማ ብዘቕለለ ኣገባብ ዝተዳለወ ብምዃኖም፡ ብስሩዕ ኣገባብ ክቐርቡ ከም ዘለዎም እዮም ወሳብቲ ርእይቶታት ኣዘኻኺሮም፡፡ ነቲ ዝጸንሐ ግጉይ ርድኢት ንምስዓር 'ኩሉ ተማሃራይ ቁጽሪ ክመሃር ይኽእል እዩ' ብዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ ሕብረተሰብ ክተኣታቶን ክሰርሓሉን ድማ ተላብዮም፡፡ ብተወሳኺ፡ መሳጢ መሳለጥያ ምህሮ ብምትእትታው፡ ኣገባብ ኣመሃህራ ብሰሓብን ዓያይን መንገዲ ክውሃብ ምሕጽንታ ክቐርብ እንከሎ፡ ማለት ንዓቢይ መጽናዕቲ ዝኾኑ ብርክት ዝበሉ ኣርእስቲታት እውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተላዒሎም ነይሮም፡፡

ኣብቲ ዓውደዘተ፡ ካብ እተፈላለያ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ተማሃሮ ተሳቲፎም ነይሮም፡፡ እቶም ተማሃሮ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ መጽሓፍቲ ስ-ቁጽሪ መግለጺን ሓሳባዊ መረዳእታን ዘካተቱ ምስ ዝኾኑ፡ ተማሃሮ ብጽሑፋዊ መግለጺ ተሓጊዞም ባዕሎም ንኽሰርሑ ከም ዝድግፎም ኣረዲኦም፡፡ ከምኡ'ውን መጽሓፍ መምርሒ መምህር ብብዙሓት ተማሃሮ ስለዝተታሕዘ፡ ተማሃሮ ግድላት ተበሊሖም ንኽፈትሑ ኣብ ክንዲ ዝጽዕሩ - ብቐሊሉ ካብቲ መጽሓፍ ክቕድሑ ከም ዝርኣዩ ዝጠቐሱ እቶም ተማሃሮ፡ እዚ ዳግመ-ግምት ክግበረሉ ከምዘለዎ ኣገንዚቦም፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ለምለም ገብረማርያም በራኺ፡ ኣደይ ኣልጋሽ ሰረቐ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ. ሃይለስላሴ እማን ግዴ፡ ብመንገዲ ወኪሉ ኣብሉ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መንገሻ ኣሰፋው ንናይ ወክልና ምስራዝ ክሲ. ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ዕዳጋ እ`ኽሊ.

ኣቶ ሚካኤል ፍስሃየ ወልዱ፡ ኣዴና ሰለሞዊት ዑቕበ መዃ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ህልውቲ ሓፍተይን 1 ሰወእ ተተካእቲ 3 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሶፍያ መንግስቱ ማና፡ በዓል ቤተይ ኣፈወርቂ ኣባይ መሸሻ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትረዛ ግርማጼን ጸጋይ ምባል ተረፉ፡ ትረዛ ግርማይ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓጀር ሃብተሚካኤል ቀለታ፡ ኣደይ ምሻሹ እምባየ ሃይለሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፉ መሓሪ ምስጉን፡ ኣደይ መኣዛ ተስፉሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 3 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ/በረኽ ጻዕዳ ክርስያን

ሙራኤል ተኽለማርያም ጸጋይ ምባል ተረፉ፡ ህያብ ተኽለማርያም ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይቨሽ በርሀ ደሰታ፡ በዓል ቤተይ ወልደሚካኤል መንግስትኣብ ተስፋእንድርያስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ የውሃንስ ተስፋማርያም ዘርኣብሩኽ፡ ሓፍተይ ኤልሳ ተስፋማርያም ዘርኣብሩኽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ነር ገብረሂወት ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ኣለም ሓጎስ ይፍጠር ስለዝዋረፈት፣ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ዓሊ. ሳልሕ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዓሊ. ሳልሕ ሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ሃይለሚካኤል፡ ኣደይ ሳራ ተኽለሃይማኖት ወልዱ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ማርታ ቀለታ እዝዘ፡ ወለድና ቀለታ እዝዘ ደባሰን ኤልሳ በርሀ ተኸለን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጸገዘኣብ ተኽለማርያም ዘርኦሽ፡ ስም ኣደይ ጋብሩ ጎይትኦም ምባል ተረፉ፡ ብሮሚ ጎይትኦም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ተኽለዝጊ በርሀ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ሰመረ ኪዳነ ሰጊድ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ረ /ፍ ዓብደላ ኢብራሂም መሰጦፋ፡ ፍ/ ዓውድ ዓብደላ ኢብራሂም፡ ብተካኢ. ኣቶ ኢብራሂም ዓውድ ዓብደላ፡ ወጸ. መልሲ. ኣቶ ባክር ጣሀር መሳ፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ከሳሲ. ኣቶ ጸጋይ ገ/ሚካኤል፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ፍረወይኒ በርሀ፡ ናይ ገዛ ክራይ ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ማሕሙድ መሓመድ ዓብ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ መሓመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ ኣምና ዐሶማን ጃብር ምባል ተረፉ፡ ኣምና ዐሶማን ሸኽራ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዓሊ. ሳልሕ ኢብራሂም፡ ስም ትሕተ ዕድመ ወደይ እድሪስ ሓምድ ዓሊ. ምባል ተረፉ፡ እድሪስ ዓሊ. ሳልሕ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ሳልሕ ኢብራሂም ስሌማን ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ መሓመድኢብራሂም ስሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/524 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

## VACCANCY ANNOUNCEMENT

Gemel PubIic Transport Share. co. wants to employ interested Competent candidate for the followning post;-

Finance Head;-
-Educational back ground--- diploma or above in accounting
-Experience and skills-------5 years experience or above as Finance Head.
-posting of accounting entries to Peachtree programme is necessary.
-Age----------- 35 - 45 years
-Required No one (1)
-salary - as per the scale of Gemel pubIic transport Share.Co.
-place of work - Asmara.
-National Service - Release Paper from the Ministry of National Defense.
-Closing date Seven days from the date of announcement.
-Adress - Gemel pubIic Transport Sh. Co.
Paradizo Near Radar.Comprehensive Secondary School Asmara.

Short listed will be contacted for interview. Interested candidates are requested to Submit their letters of applications, current CVs, work experience and other relevant documents in person. For more information contact Us with telephone No.161348.

---

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ክቡር በዓል ቤተይ ተጋዳላይ ጣሀር ጅምዕ (ወዲ ሳበ) ዝተሰመዔ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ብምኻድ ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ብኣካል ብምምልላስ ካብ ወሽጥን ወጻኢን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

በዓልቲ ቤቱ ፍረወይኒ ሙብራህቱ
ምስ ደቃና ምሉኣት ስድራ-ቤትን

---

ወ/ሮ ፈሸን ክብሮም ጊላይ ዝተበሃልኩ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4፡ ምምሕዳር 12፡ ጎደና "ሰ" ቁጽሪ ገዛ "28" ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ ቁጽሪ ሎታ "30" ቁፓርቶላ "P" ዝኾነ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 104170 መወከሲ. ቁጽሪ 123982 ብስም ወ/ሮ ሉተብርሃን ሙብራህቱ ግርማጽዮን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብዕለት 06/02/2020 ብቑጽሪ መዝገብ 38/2020 ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪባ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ደግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ፈሸን ክብሮም ጊላይ

---

ብስም ኣቶ ክፍለ ተኽለ እምባየ ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ምም. ከበ. ቀሓውታ ጎደና ዓሊቴና መረብ ብምስክር ወረቐት 107619 መወከሲ. ቁ.114330 ልብሬቶ ናይ ገዛ ስለዝጠፍኣና፣ ረኺበዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝበልካ እንተሃሊዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑ.07281106 ደዊሉ ደርክቡ። እንተዘይኮይኑ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ማና ክፍለ ተኽለ

---

ኣመልካቲ ዑቕባሚካኤል በራኺ. ወልደማርያም ዝተበሃልኩ፡ ካብ ኣቶ ብርሃነ ገብረማርያም ኪዳነ +14 ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 8072/24 ቁ.ውዕል 8.072 ASD42513 ASP00047871 ዚ.ፕ 715 ኣብ ጎዳይፍ ዝርከብ ገዛ ብስሞም ዝተመዝገበ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ንቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ የቕርብ።

ዑቕባሚካኤል በራኺ.

---

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ
ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።
ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com
ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!



# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ጋንታታት 2ይ ዲቪዥዮን ኣብ ሓያል ተወዳዳርነት

### ባሕቲ መስከረም ብጸወታ ኣድናቖት ረኺባ

ጋንታታት ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ኣብ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ተጸሚደን ኣብ ዘለዋሉ፡ ቀዳምን ሰንበትን እውን እቲ ውድድር ብሓሙሽተ ጸወታታት ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ሓቢሩ፡፡

ቀዳም ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥዮን እየን ተራኺበን፡፡ ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሳዋን ዓንበርበበን ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ሳዋ 3-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ዓንበርበብ ንካልኣይ ግዜኣ ስዕረት ቀሚሳ፡፡ ንዐአን ዝሰዓበ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ክለብ ዓንበርበበን እታ መተኣኻታኣ ኮይና ኣብ ውድድር ሻምፕዮን ዝተጸምደትን መንእሰያት ተጻወትቲ ዝሓቖፈትን ተሰፋን እየን ነይረን፡፡ ጸወታ ድማ ብዓብላልነት እታ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ጸወታኣ ንሳዋ ብጸቢብ ወጽኢት ዝሰዓረት ዓንበርበብ እዩ 3-ብ0 ተዛዚሙ፡፡

ብሰንበት ካብ ዝተኻየዱ ውድድራት፡ ቀዳመይቲ ተሰሪዓ ዝነበረት ጸወታ ንጋንታታት 3ይ ዲቪዥዮን ደቂ ተባዕትዮ ዘራኸበት እያ ነይራ፡፡ ደምበ ሰምበል ድማ ኣብ ልዕሊ ናቕፋ ብዝተመሳሰለ ወጽኢት 25-ብ16 25-ብ16 ብምስዓር ናይ 2-ብ0 ዓወት ኣመዝጊባ፡፡ ዝቐጸለት ጸወታ ኣብ መንጎ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣኸርያን ባሕቲ መስከረምን እያን ።

ድሕሪ'ዚ ግጥም ጋንታታት ባሕቲ መስከረምን ሰላምን እየን ውድድረን ኣካይደን፡፡ ኣብዚ ግጥም ተጻወትቲ ናይ ክልቲአን ጋንታታት መሳጢ ጸወታ'የም ኣንጸባሪቖም፡፡ ቀዳመይቲ ክፋል ጸወታ ዓብላልነት ባሕቲ መስከረም ዝተራእየላ እያ ነይራ፡፡ ከም ወጽኢቱ ድማ 25-ብ8 ክውድኣዋ እንከለው፡ ኣብ ካልኣይቲ ክፋል ጸወታ ግን ብሚዛናዊ መልክዑ ማዕረ ነጥቢ እናምጽኣ እየን ቀጺለን፡፡ እንተኾነ ግን ባሕቲ መስከረም ደጊማ 28-ብ26 ብምስዓር ምስ ብሉጽ ጸወታኣ ምቁር ዓወት ኣስተማቒራ ክትወጽእ ክኢላ፡፡

ኣብ ሳልሰይትን ናይ መዛዘምን ጸወታ ናይቲ ዕለት፡ እታ ዝሓለፈ ዓመት ሻምፕዮን ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ብምዃን ዋንጫ ዘልዓለት ሰላም እያ ምስታ ኣብ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ሓዳስ ጋንታ ዝኾነት ኣዱል ተራኺባ፡፡ ጸወታ ድማ ብዓብላልነት ጋንታ ሰላም 2-ብ0 ክዛዘም ብምኽኣሉ ጋንታ ሰላም ኣብ ቀዳማይ ጸወታኣ ፋልማይ ዓወት ተገናጺፋ፡፡

---

## ሳዋ ኣብ ልዕሊ ኣርባዕተ ኣስመራ ጸብለል ኢላ

### እስራኤል ሽቶ ኣብ ምምዝጋብ ኣይተኻእለን

ሻምፕዮን ኩዕሶ ሰኪዕት ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ብቐጻሪ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብቲ ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ብዮጥም ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብ ሜዳ ቦቸፊላ ኣስመራ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ ሰኪዕት ዞባ ማእከል ሓቢሩ፡፡ ቀዳም ምሸት ፈለማ ግጥማተን ዘካየዳ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ደንደንን ሓሬናን እየን ነይረን፡፡ ደንደን ድማ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ብገፊሕ 59-ብ22 ተዓዊታ፡፡ ቀጺለን ሓይሊ ኣየርን ብድሆን እየን ተራኺበን፡፡ ኣብዚ ልዑል ምትህልላኽ ዝተራእየሉ ግጥም፡ ሓይሊ ኣየር እያ ብጸቢብ ፍልልይ ማለት 51-ብ50 ስዒራ፡፡ ኣብዚ ግጥም ተጻዋታይ ሓይሊ ኣየር ኣዶናይ ኣፈወርቂ ብዘርኣዮ ብሉጽ ጸወታ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናት ናእዳ ክረክብ ክኢሉ ኣሎ፡፡

ብሰንበት ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ፈለማ ግጥማተን ዘካየዳ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት፡ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራን ሓይሊ ኣየርን እየን፡፡ ኣብዚ ግጥም ተጻወትቲ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራ ንጸወታ ምሉእ ብምሉእ ተቘጻጺረን ናብ ረብሓአን ክቕይርኦ እየን ተራእየን፡፡ ብገፊሕ 58-ብ15 ብምዕዋት ድማ ጸብለል ኢለን ወጺአን፡፡ ተጻወትቲ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራ ዝኾና ቤትኤል በርሀን ቤትኤል ቴድሮስን ብውልቀን ብተኸታታሊ 16ን 12ን ሸቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ዓወት ጋንታአን መሪሕ ተራ ተጻዊተን፡፡

ድሕሪ'ዚ ግጥም፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ሓይሊ ባሕርን ሜካን እየን ተራኺበን፡፡ ሜካ ድማ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ሓይሊ ኣየር 52-ብ43 ብምዕዋት ምሉእ ነጥቢ ረኺባ፡፡

እታ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ንሲቲ ሰንተር ዝሰዓረት ዓምበርበብን ሓሬናን ዝተራኸባሉ ግጥም'ውን ኣብዚ ዕለት'ዩ ነይሩ፡፡ ዓምበርበብ ድማ 62-ብ53 ተዓዊታ ወጺኣ፡፡ ኣብዚ ግጥም፡ ተጻዋታይ ዓምበርበብ ሙልጌታ በረኸት ብውልቁ 17 ሽቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ዓወት ጋንታኡ መሪሕ ተራ ክጻወት ከሎ፣ ተጻዋታይ ሓሬና ኣንዋር ኣሕመድ ከኣ ካብ ስዕረት ዘናገፉ 13 ሽቶታት ንጋንታኡ ከመዝግቦ ክኢሉ ነይሩ፡፡

ራብዓይን ናይ መወዳእታን ግጥም ናይቲ ዕለት ኣብ መንጎ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራን ሳዋን እዩ ተኻይዱ፡፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ጸወታ ሳዋ፡ ኣብ ካልኣይ ርብዒ ጸወታ ከኣ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራ መሪሕነት ክሕዛ ብምኽኣለን ክልቲአን ጋንታታት ንዕረፍቲ ተመዓራርየን እየን ወጺአን፡፡ ኣብ ዝሰዓበ ክልተ ናይ ርብዒ ጸወታታት ግን ኣሰልጣኒ ሳዋ ኣቤል ኣፈወርቂ ስልቲ ኣጸዋውታኡ ቀይሩ ብምቕራቡ፡ ጋንትኡ 74-ብ61 ተዓዊታ ክትወጽእ ኣኽኢሉዋ፡፡ ኣብዚ ግጥም መትሓዚ ተኻኢንዎ ዝወዓለ ተጻዋታይ ሳዋ እስራኤል ሙልጌታ 44 ሽቶታት ከመዝግብ ብምኽኣሉ ሕልፊ ኩሎም ተጻወትቲ ጸብለል ክብል ክኢሉ ኣሎ፡፡ ናይ ምምሕዳር ኣርባዕተ ኣስመራ ሙሴ ጺጋይ ድማ ኣብ ካልኣይ ርብዒ ናይቲ ጸወታ 'ዳንክ' ብምግባሩ ካብ ኣፍቃርቲ ኩዕሶ ሰኪዕት ደሙቕ ምትብባዕ ተገይሩሉ፡፡

---

## ምባፐ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ክኸውን ተሰማሚዑ

ፈረንሳዊ ብሉጽ ተጻዋታይ ኪሊያን ምባፐ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ናይ ሪያል ማድሪድ ማስርሕ ምስዮጊኡ እንተ ደኣ ተወዲኡ፡ ከም ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ኮይኑ ክጻወት ከም ዝተሰማምዐ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ንእሙናት ምንጮታት በርናቡ ብምጥቃስ ሓቢሩ፡፡ ወዲ 25 ዓመት ኪሊያን ምባፐ ኣብ ሻምፕዮን ጋንታታት ሊግ 'ኣ' ፈረንሳ ዝኾነት ፒኤስጂ ንሹዱሽተ ዓመታት ድሕሪ ምጽዋቱ፡ ዝመጽእ ክረምቲ ናብ ሪያል ማድሪድ ክኸይድ ከም ዝተሰማምዐ ይፍለጥ (ዋላ'ኳ ማስርሕ ምፍርራም እንተዘይተገበረ)፡፡

as

as.com

Xavi quiere seguir, Laporta tiene dudas

El club mantiene sus reservas porque dos de sus tres años se cerraron sin títulos

MBAPPÉ

ACEPTA SER EL '9'

El francés confiesa a su entorno que le agrada la idea de jugar ahí ● Cree que le ayudará a mejorar sus registros goleadores y le acercará al Balón de Oro

BALONCESTO

PALIZA DEL MADRID Y RÉCORD DE LLULL

90 74

El balear ya es el mejor triplista de la Euroliga

"SOMOS ESPAÑA Y VAMOS A GANAR"

Elisa Aguilar, Valdemoro y Beirán esperan a las cuatro selecciones en París

TENIS

ALCARAZ, 'VÍCTIMA' DE TOPURIA

Divertido encuentro entre luchador y tenista, todavía duda para Madrid

OPERACIÓN BRODIE LA JUEZA DEL CASO ORDENA EL BLOQUEO DE LA CUENTA DE KOSMOS VINCULADA A PIQUÉ

ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ምስ ምምጻእ ኪሊያን ምባፐ፡ ነቲ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ብሉጽ ብቕዓት ዘውንን ቪኒሸዮስ ጁኒየር ኣብቲ ናይ ቦታ ከም ዝጻወቶ ክበድዎ ከም ዝበረ'የም ምስቲ ኣሰልጣኒ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዘረድኡ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ የማናይ ክንፊ ከኣ ሮድሪጎ ኣብ ዝሓደ ቀመና ብምህላዉ፡፡ ይኹን'ምበር ብመሰረት ካብ በርናቡ ዝወጸ ሓበሬታ፡ ምባፐ ኣብ ቦታ ቁጽሪ 9 ማለት ከም ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ኮይኑ ክጻወት ተሰማሚዑ ብምህላዉ፡ እቲ ኣሰልጣኒ ሩፍታ ረኺቡ ኣሎ፡፡ ብዓንደርእሱ እውን ኣብዚ እዋን ሪያል ማድሪድ ብዘይካ'ቲ ካብ እስፓኞል ብመልክዕ ልቓሕ ዝመጸ ጆሰሉ ካልእ ቀዋሚ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ የብላን፡፡

ኤይ ኣስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ስጳኛ ንመቕርብ ኪሊያን ምባፐ ሓቲቱ ብዘረኸቦ ሓበሬታ መሰረት፡ እቲ ተጻዋታይ ኣብ ስጳኛ ብዙሕ ሽቶታት ንምምዝጋቡ ካብቲ ዝያዳ ዘድምዓሉ ጸጋማይ ክንፊ፡ ናይ ማእከል ኣጥቃዓይ ኮይኑ ክጻወት እዩ መሪጹ፡፡ ፈረንሳዊ ካሪም በንዜማን ብራዚላዊ ሮናልዶ ናዛርዮን ናይ ማእከል ኣጥቃዕቲ ሪያል ማድሪድ ኮይኖም ብሉጽ ብቕዓት ከንጸባርቑን ብዙሕ ሽቶታት ከመዝግቡን ከም ዝኸኣሉ'ዩ ዝአመሉም፡፡ ኪሊያን ምባፐ ከኣ ካብ በጃል በሊንግሃም፡ ዲ ሰለሱ፡ ካማቪንጋን ብራሂም ዲያዝን ብሉጻት ኩዕሶ እናተቐበለ ሽልማት ወርቃዊ ጫማ ንምዕታር ክሕግዞ ከም ዝኽእል'የም ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ላ ሊጋ ስጳኛ ዘረድኡ፡፡

ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት፡ ሪያል ማድሪድ ዝ ካብ ነዊሕ እዋን ክትሃድኖ ዝጸንሐት ተጻዋታይ ክትወስዶ ቀጢልያ መብራህቲ ከም ዝተዋህባ ኣረጋጊጸን፡፡ ፒኤስጂ ኣብ 2018 ንምባፐ ዘውጽኣትሉ 166 ሚልዮን ፓውንድ ክትከስሮ'ያ ተገዲዳ ዘሎ፡፡ ማድሪድ ዝ ተጻዋታይ ብናጻ ማስርሕ ምስዮጊኡ ናብ በርናቡ ኣምጺኣቶ ብምህላዋ፡ እቲ ዓመታዊ ክትከፍሎ መዲባ ዘላ 21.4 ሚልዮን ፓውንድ ምስ ካልኦት ወጻኢታታ ከተመዓራርዮ ክትግደድ'ያ፡፡ ኣብ ማድሪድ እቶም ዝለዓለ መሃያ ዝኽፈሉ (10.3 ሚልዮን ፓውንድ) በሊንግሃምን ቪኒሸዮስን እዮም፡፡ ማስርሕ ምስዮጊኡ ናይዚ ምስ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ኮይኑ ዋንጫ ዓለም ዘልዓለ ተጻዋታይ፡ ዝመጽእ 1 ሓምለ ወማዮውኑ ክሉበስ'ዩ ትጽቢት ዝግበር፡፡ ሪያል ማድሪድ ንኪሊያን ምባፐ ንምፍራም ሸውዓተ ዓመታት ከም ዝጸዓረት ይንገር፡፡ እታ ጋንታ ኣብ 2017 ንምናኑ 154 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍላ ወሲና ከም ዝነበረት ሱዳት ማስርሕ ምስዮጊኡ ተጻወትቲ የረድኡ፡፡

---

## ሊቨርፑል ምስ ፈይኖርድ ትዘራረብ

እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ብዛዕባ ማስርሕ ምስዮጊኡ ኣርነ ስሎት ምስ ሰበስልጣን ፈይኖርድ ዝርርብ ከም ዝጀመረት ተፈሊጡ፡፡ ሊቨርፑል ንስሎት ከም ተካኢ እቲ ዝመጽእ ክረምቲ ካብታ ጋንታ ዝፋኖ ጀርገን ክሎፕ ክኸኖ'ያ መዲባ ዘሎ፡፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ቶተንሃምን ቸልሲን ጻውዒት ረኺቡ ዝነበረ ስሎት ኣብ 2021 ናብ ፈይኖርድ ካብ ዝጽንበር ከም ሓደ ካብ ዓበይቲ ኣሰልጠንቲ ኤውሮጳ'ዩ ክቘጸር ጀሚሩ፡፡ ቅድሚ 12 ኣዋርሕ ፈይኖርድ ዘውዲ ሻምፕዮን ክለባት ሆላንድ ክትደፍእ መሪሕ ተራ ከም ዝተጻወተ ዝንገረሉ ስሎት፡ ሕጂ'ውን ንዛ ጋንታ ዋንጫ ክለባት ሆላንድ (ድሕሪ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ምስራዕ ምኻኑ'ዩ) ክትወስድ ኣኽኢልዋ ኣሎ፡፡ ነዚን ካልእን ኣብ ግምት የእትዩም እዮም ከኣ ሓለፍቲ ዕድጊ ሊቨርፑል ዝ ወዲ 45 ዓመት ኣሰልጣኒ ናብ ኣንፊልድ ንምምጻእ ድሮ ዝርርብ ጀሚሮም ዘለው፡፡ ፈይኖርድ ኣስታት 10 ሚልዮን ዩሮ ካሕሳ እንተ ደኣ ተዋሂባ ዝ ኣሰልጣኒ ክትሰዶ ጸገም ከም ዘይብላ'የም ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ስሎት ብዛዕባ'ቲ ጋንታኡ ምስ ን ኢሄድ ኢግልስ ሎሚ ሓሙስ እትገብሮ ግጥም ኣመልኪቱ ክሀቦ ተሓሰቡ ዝበረ ጋዜጣዊ መግለጺ ሃንደበት ከም ዝተቛረጸ ጋዜጣታት ሆላንድ ኣጋሊጸን፡፡ ምቁራጽ ናይዚ ጋዜጣዊ መግለጺ ምኽንዚ ናብ ሊቨርፑል ናይ ምኻድ መደብ ምትእስሳር ኣለዎ ደዩ የብሉን ግን ዛጊት ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ የለን፡፡

ዝሓለፈ ዓመት ናብ ቶተንሃም ከይዱ እናተባህለ ኣብ ፈይኖርድ ክጸንሕ ዝወሰነ ስሎት፡ ሕጂ'ውን ተመሳሲሊ ስጉምቲ ከይወስድ ደገፍቲ ሊቨርፑል ስግኣቶም ይገልጹ ኣለው፡፡ ስሎት ምስ ቅዲ ኣጸዋውታ ጀርገን ክሎፕ ዝመሳሰል ታክቲክ ዝጥቀም ኣሰልጣኒ ብምዃኑ ንሊቨርፑል ከርብሓ ከም ዝኽእል'የም ብዙሓት ወገናት ዝገልጹ፡፡

**መደብ ጸወታ**

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ብራይተን ምስ ማንቸስተር ሲቲ

ሰዓት 10፡00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ው.ሕ. ሃ. ንመጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ራፋሕ ኰኒኑ

ሓላፊት ምክትታል ሰብኣዊ ማሰላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቮልከር ተርክ፡ እስራኤል ኣብዚን ዝሓለፉ ቀረባ መዓልታት ኣብ ራፋሕ ብዙየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ - ቁልዓ ሰበይቲ ዝርከብዎም ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሰባት ምሙቶም ብትሪ ኰኒና።

ኣብዚ ሰሙንዚ፡ ብኣማኢት ዝቑጸር ሬሳታት ኣብ ከተማ 'ካን ዩኒስ'- ወሽመጥ ጋዛ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል 'ኣል-ናስር' ተቐቢሩ ከምዝጸንሐ ዝጠቐሰት ተርክ፡ እቲ ተርእዮ ኣዝዩ ዘሰክሕክሕ ምዃኑ እያ ገሊጻ።

ሆስፒታል ኣል-ናስር፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብወተሃደራት እስራኤል ተኸቢቡ ብምጽንሑ፡ ሬሳ ናይቶም ግዳያት ብሰብ-መዚ ፍልስጤም ኣይተረኽበን።

እስራኤል ሕጂ እውን ናብቲ ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ሰላማውያን ሰባት ተዓቚቦምሉ ዘለዉ ራፋሕ ከተካይዶ መደብ ዘላ ደብዳብ ንኣህጉራዊ ሕጊ ዝጥሕስ ተግባር ምዃኑ እተገንዘበ ተርክ - እስራኤል ካብቲ ስጉምቲ ክትቁጠብ ጸዊዓ።

ኣብቲ ሆስፒታል ሬሳ ናይ 310 ሰባት ተደርብዩ ከምእተረኽበ እዮም ሰብ-መዚ ጥዕና ፍልስጤም ዝሓበሩ ዘለዉ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ወሽመጥ ጋዛ ቅጽበታዊ ምቁራጽ ተኹሲ ክግበር ንዝቐረበ እማመ እኳ እንተጽደቐ፡ ካብ ድብዳብ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ጋዛ ከምዘይቋረጸ ጸብጻባት የረድኡ።

ኣብ ወሽመጥ ጋዛ፡ ኣስታት 1.1 ሚልዮን ህዝቢ ህልቂት ክስዕብ ናብ ዝኽእል ጥሜትን ዓጸባን ተቓሊዑ ምህላዉ ጸብጻባት የመልክቱ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ እስራኤል ኣብ ጋዛ ብዙየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ 3 ብሪጣንያውያን ሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ረድኤት እውን ከምእተቐትሉ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

## ሶማል - ንተመዛበልቲ ልዕሊ 3 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ተበርኪቱ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሶማል ብሰንኪ ብርቱዕ ዕልቕልቕ ካብ ንብር ሂወቶም ንዝተመዛበሉ ወገናት ዝውዕል - ልዕሊ 3 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ከምዝሃበ ኣፍሊጡ።

እቲ ሓገዝ፡ ነቶም ብሓደጋ ዕልቕልቕ ኣብይቶም ፈሪሱ ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ዘለዉ ሶማላውያን፡ ኣብታ ሃገር ዑቕባ ሓቲቶም ዘለዉ ስደተኛታትን - ግዝያዊ መስተርሆ ዝፈጥር ምዃኑ እዩ ዝሕብር።

ካብ ዝሓለፈ 19 ሚያዝያ ኣትሒዙ ኣብ ሶማል ዝወቕዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ ዘስዓቦ ዕልቕልቕ፡ ኣብታ ሃገር ከቢድ ኣከባብያዊ ዕንወት ኣውሪዱ ከምዝሎ ይግለጽ።

ኣብ ሶማል ኣብ'ዚ ግዜ እዚ፡ ብሰንኪ ድርቅን ሓደጋታት ዕልቕልቕን ልዕሊ 4 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ውሽጢ እታ ሃገር ከምእተመዛበለ ጸብጻባት የመልክቱ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ኣርባዕተ መዓልታት ጥራይ፡ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ዕልቕልቕ ልዕሊ 100 ኣባይቲ ክፈርሱ እንከለው፡ ልዕሊ 800 ሰባት ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም።

## ኣመሪካ፡ ልዕሊ ሓደ ሲሶ ነበርታ ንብርቱዕ ብከላ ኣየር ተቓሊዖም



ኣብ ኣመሪካ፡ ልዕሊ 131 ሚልዮን ህዝቢ ንኣዝዩ ብርቱዕ ብከላ ኣየር ተቓሊዑ ምህላዉ፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝተኻየደ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣገንዚቡ።

እቲ ብከላ፡ ብሰንኪ ባርዕ ጫካ፡ ደርቕን ብርቱዕ ሙቐትን መሊሱ ከምእተጋደደ ዝጠቐሰ እቲ ጸብጻብ፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ኑቲ ሓደጋ ተቓሊዖም ዘለዉ ሰባት - ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ11.7 ሚልዮን ኩብ ከምዝበለ ገሊጹ።

እዚ ሕጂ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ኣመሪካ ተኸሲቱ ዘሎ ብከላ ኣየር፡ ናይ ልቢን ሳንቡእን ሕማማት፡ ብዓቢኡ ናይ ምስትንፋስ ጸገማትን ኣዝማን ዘኸትል ምዃኑ ዘገንዘቡ ክኢላታት፡ ዜጋታት ጥንቃቐታቶም ከሐይሉ ጸዊዖም ኣለዉ።

ክፍለ-ሃገር ካሊፎርንያ፡ ሕልፊ ካልኦት ክፍላተ-ሃገራት ኣመሪካ ቡቲ ብከላ እታ ዝያዳ ብኣሉታ ዝተጸልወት ምዃና እቲ ጸብጻብ ብተወሳኺ ኣረዲኡ።

ልዑል መጠን ናይ ካርቦንዳዮክሳይድን ሚተይንን ዝኣመሰሉ በከልቲ ጋዛት ኣብ ጠፈር፡ ብርቱዕ ብከላ ኣየር ዘኸትል ብምዃኑ፡ ሃገራት ዓለም ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ናብ ተሓዳሲ ጸዓት ክሰጋገራ እዩ - ጸውዒት ክቐርብ ጸኒሑ።

ወዲ-ሰብ በከልቲ ጋዛት ክጥቀም ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ዓለማዊ ዋዒ ብዘሰክፍ ደረጃ እኳ ክውሰኽ እንተጸንሐ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት ብዝያዳ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዓመት-2023፡ ዓለማዊ ዋዒ ብ1.48 ዲ.ሴ ከምዝወሰኸ ይግለጽ።

## ኣህጉራዊ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ኣብ ዓመት-2023 ክብረ-ወሰን ሒዙ

ኣብ ዓመት-2023፡ ኣህጉራዊ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ናብ 2.4 ትሪልዮን ዶላር ክብ ብምባል ሓድሽ ክብረ-ወሰን ከምዝሓዘ ኣብ ሽወደን ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣፍሊጡ።

ካብ 1949 ኣትሒዙ ዓመታዊ ተመሳሳሊ መጽናዕትታት ከካይድ ዝጸንሐ 'ኣህጉራዊ ትካል መጽናዕታት ስቶክሆልም'፡ ኣብ'ዛ ዝሓለፈት ዓመት - ወተሃደራዊ ወጻኢታት ብ2.4 ሚእታዊት ከምዝዓበየ የረድእ።

ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተመዝገበ ልዑል ወጻኢታት፡ ኲናት ሩስያን ዩክረይንን ከም'ኡ'ውን ኣመሪካ ንዩክሬን ብእትገብሮ ዘላ ወተሃደራዊ ሓገዝ ዝተመዝገበ ምዃኑ ድማ ይሕብር።

ኣመሪካ፡ ኣብ'ታ ዓመት እቲኣ ጥራይ፡ 916 ቢልዮን ዶላር ከምዘውጽኣት ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ 37 ሚእታዊት ካብ ጠቕላላ ናይ'ቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ኣሃዝ ብምሽፋና፡ ብወተሃደራዊ ወጻኢታት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

እዚ ብምኽንያት ልዑል መጠን መሸጣ ኣጽዋርን ወተሃደራዊ ሓገዛትን ክብ ዝበለ ኣሃዝ እዚ፡ ኣብ'ዛ ዓመት እዚኣ እውን ብሰንኪ ውግእ እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ብተዓጻጻፊ ቁጽሪ ክውሰኽ ከምዝኽእል፡ እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ የገንዝብ።

እዚ ሎሚ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለም ተኸሲቱ ዘሎ ወተሃደራዊ ጸጥታዊ ቅልውላው፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት ካብ ዝተራእየ ጸጥታዊ ቅልውላው - እቲ ዝኸፍአ ኩይኑ ከምዝሎ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

ብዙሓት ሃገራት ወተሃደራዊ ዓቕመን ንምትርናዕ ዝገብራኦ ልዑል መጠን ወጻኢታት፡ ካልእ ኣብነት ናይ'ቲ ሓድሽ ክብረ-ወሰን ሓዙ ዘሎ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ምዃኑ ይግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ዓመት-2022 እውን፡ ኣህጉራዊ ወተሃደራዊ ወጻኢታት ሃገራት ዓለም፡ ቅድሚኡ ምስ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ13 ሚእታዊት ዓብዩ ነይሩ።

## ሞንጎልያ - ብባርዕ ጫካ ሰፊሕ መሬት ተሃሚኹ

ኣብ ሞንጎልያ ኣብ'ዛ ዓመት እዚኣ ብዝተኸሰተ ባርዕ ጫካ፡ ብውሑዱ 435,658 ሄክታር መሬት ከምእተሃመኸ ካብ'ታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ሓቢሩ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 3-4 ኣዋርሕ ጥራይ፡ ኣብ ሞንጎልያ ልዕሊ 44 ባርዕ ጫካ ከምእተኸሰቱ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ እቲ ኣሃዝ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ15.9 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ገሊጾም።

ደረቕ ኩነታት ኣየር ዘለዋ ሞንጎልያ፡ ዓመታዊ ኣዕናዊ ብዘኸተለ ባርዕ ጫካ ከምእትጥቃዕ እዮም ክኢላታት ዝጠቕሱ።

ባርዕ ጫካ መበዝሕትኡ እዋን ባህርያዊ ምኽንያት ዝገልጹ ክኢላታት፡ ብሰብ-ሰርሖ ጌጋታት እውን ክኽሰት ከምዝኽእል ኣተሓሳሲቦም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት-2023 ኣብ ዓለም ብሰንኪ ባርዕ ጫካ ብዙሕ ዝቖጽሩ ሰብ ሞይቶም ኣለዉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ናቫ | 25/04/2024 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 214 ከባቢ ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ | 07120574 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services